# ናይ መመሃደኢታ ትንፋስ



ብሼኽ ዑስማን ኑሪ ቶፕባሽ
Osman Nuri Topbash

ትርጉም ኣማሓርኛ፡- ኣህመድ ሑሴን (ኣቡ ቢላል)
መቀናበሪ፡- ሓሰን ታጁ
ትርጉም ትግርኛ፡- ዓብደልጀሊል(ኣቡ ዓብዱላህ)

መሐታማይ ኣልበያን ሊሚትድ

# ናይ መወዳእታ ትንፋስ


## ብሼኽ ዑስማን ኑሪ ቶፕባሽ

*Osman Nuri Topbash*

## ትርጉም

**ኣማርኛ፡- ኣሕመድ ሑሴን**

**ኣቡ መቀናበሬ፡- ሐሰን ታጁ**

(0913878788)

**ትርጉም ትግርኛ፡- ዓብዱልጀሊል**

(0913462034)

የአሳታሚው መብት
በህግ የተጠበቀ ነው
All Rights are
reserved

አንደኛ እትም ጥር
2004

AFKAD 8
Addis ababa Ethiopia
First Edition January
2012

# ማውጫ


| ርእሲ | ገፅ |
| --- | --- |
| **መእተዊ** | 4 |
| **ምዕራፍ ሓደ** | |
| ንናይ መወዳእታ ትንፋስ ተዳለው | 6 |
| **ምዕራፍ ክልተ** | |
| ንኣላህ ምዝካር | 39 |
| **ምዕራፍ ሰለስተ** | |
| ናይ መወዳእታ ትንፋስ ብግመ | |
| ዘይተሸፈነ መስትያት | 58 |

# መእተዊ

ሞት ዘይቐሪ ነገር ኢዩ። ንኩላትና ከጋጥመና ግዴታ ኢዩ። እዚ ድማ ኩላህና ብደንቢ ጌርና ንፈልጥ ኢና። ነገር ግን ንርስዖ ከኣ። ዝኾነ ኾይኑ ኣማዉትኡ ክፅብኞ ዘይደሊ ሰብ የለን። ህይወት ክንዲ ዝነወሐት እንተነወሐት ሓፃር ኢያ። ክንዲ ዝፀበቐት እንተፀበቐት ግዕዝቲ ኢያ። ኣብ ግዜ ሞት ዕድሜና ሙሉእ ዝለፋዕናሉ ሃፍትና ይከድዓና ስድራቤትና ይርሕቀና። ምስ ስራሕና ጥራይ ንፃመድ ናብ ናይ ቀብሪ ዓለም ድማ ንሰጋገር። ናይ መወዳእታ ትንፋሱ ፀቢቓትሉ ነዛ ዓለም ብናይ ሽሃዳ ቃል ዝተሰናበተ ኣዝዩ ዝተዓደለ ሰብ ኢዩ። ነቢያት ከይተረፉ ኣንታ ጎይታና ሙስሊሚን ጌርካ ኣሙተና ፧ እናበሉ ከምዝነበሩ እንትንዕዘብ ናይ ሞት ነገር

ኣዚና ክነድህበሉ ዝግበአና 'ዩ። ሙስሊም ኮይንካ ከለኻ ሙሟትን ኣብ መወዳእታ ናይ ሸሃዳ ዕድል ምግናይን ከቢድ ሙኚኑ የርእየና። ኣማዉታና ምእንታን ክፅብቖ ኣነባብራና ክነመዓራሪ ከም ዘለና ብዙሓት ዑለማታት ይምዑዱና። ህይወቱ ብዒባዳን ንኣላህ ብምምእዛዝን ዘሕለፈ ሰብ እቲ ዝዘርኦ ክዓፅድ ናይ ግድን ኢዩ። ሸሃዳ እዉን ከም ዝገጥሞ ኣየጠራጥርን። ኢማኑ ልቡ መሊኡ እንከሎ ካብዛ ዓለም ከም ዝገይሽ ፍሉጥ ኢዩ። ብተፃራሪ ድማ ህይወቱ ኣብ ንኣላህ ዘቁጥዕ ነገር ዘሕለፉ መወዳእትኡ ዝተበላሸወ ኮይኑ ሸሃዳ እዉን ይርሕቆ።

እዞም ቱርካዊ ዓለም (ምሁር) ሸይኽ ዑስማን ኑሪ ቶፕባሽ መወዳእታና ምእንታን ክፅብቖ ናይ ህይወትና ኣፈፃፅማ እዉን ምንታን ክሰምረልና ኣብዛ

መፅሓፍ ኣዝዩ ደስ ብዝብል መልክዕ ዓቢን ጠቓማይን ትምህርቲ ኣሰናዲኦም እንኩመ ይብሉና። እዛ መፅሓፍ ፍሉይ ዘብላ ንኹሉ ፍጡር ዝምልከት ጉዳይ ዝሓቆፈት ብሙኻና ብፅሞና ነንብባ። ኣንቢብና እዉን ኣብ ልብና ነስርፆ ናብ ተግባር እዉን ንቐይሮ። ኣላህ ንኩላትና ፅቡቕ ናይ ህይወትና ኣወዳድኣ ይግጠመና። ኣሚን!

ሓሰን ታጁ

# ምዕራፍ ሓደ
# ንናይ መወዳእታ ትንፋስ ተዳለዉ

እቲ ሓያልን ክቡርን ኣላህ ንዘልኣለም (ዘዉትሩ) ምንባር ዝበሃል ነገር ንብሕትኡ ጥራሕ ብምግባር ካብኡ ወፃኢ ዘለዉ ፍጡራት ግና ህይቶም ብሞት (ምጥፋእ) ዝበሃል ነገር ሓቲሙዎ፡፡ ከምዚ ድማ ይብለና፡-

كُلُّ مَنْ عَلَيْهَا فَانٍ [٢٦]

*ኣብኣ (ምድሪ) ዘሎ ኹሉ ሃላቂ ኢዩ፡፡ (ኣራሕማን- 26)*

- ኩሎም ፍጡራት ዝጠፍእሉ (ዝሃልቅሉ) ቀንዲ ምኽንያት ድማ እቲ ፍሉጥ ዝኾነ ሞት እዩ፡፡

كُلُّ نَفْسٍ ذَائِقَةُ الْمَوْتِ ۗ

*ኩላ ነፍሲ ጠዓሚት ሞት ኢያ::....... (ኣንቢያእ-35)*

ስለዚ ደቅሰባት ነዚ ኣብ ምድሪ ዝፀንሕሉ ናይ ግዜ ገደብ ወዲኦም ነቲ መሪር ዝኾነ ናይ ሞት ፅዋ ቅድሚ ምምዓጎም ኣዚዮም ደጋጊሞም ከስተዉዕሉን ክሓስቡሉን ይግባእ:: ኣላህ ከምዚ ይብል::

وَجَاءَتْ سَكْرَةُ الْمَوْتِ بِالْحَقِّ ۖ ذَٰلِكَ مَا كُنتَ مِنْهُ تَحِيدُ [١٩]

*ፃዕረ ሞት ብሓቂ መፂኣ(ኦ ሰብ):- እዚ እቲ ካብኡ ትርሕቆ ዝነበርካዮ "ዩ (ይበሃል)(ቃፍ19)*

ደቂሰባት ኣብዛ ዓለም ተፈጢሮም ዝመፁሉ ዓላማ ንፈተና (መከራ) ስም

ዝኾነ ካብ ምፍላጥ ሓሊፎም ኣብዛ ዓለም ዝንየይሉ ዓቢ ዓላማ ድማ ኣብ ጀነት መንበሪ ቦታ ንምርካብ ክኸዉን ኣለዎ። ነዚ ንከሳኽዕ ድማ ነቲ ናይ ዓለማት ጎታ ዝኾነ ኣላህ ዘፍትዉን ዘሕጉስ ስራሕ ብበዝሕን ብንፅህናን ከማልኡ ኣለዎም።
እዚ ዝገብርሉ ድማ ኣዝዩ ንፁህን(ሰለማዊ ዝኾነ) ኣላህ ዝፈትዎ ልቢ ሒዞም ምንታን ክራኸብዎ ኢዩ። እዚ ዓይነት ልቢ ድማ ኣላህ ኣብ ቁርኣን ገሊፅዎ ኢዩ።

يَوْمَ لَا يَنفَعُ مَالٌ وَلَا بَنُونَ [٨٨]إِلَّا مَنْ أَتَى اللَّهَ بِقَلْبٍ سَلِيمٍ [٨٩]

*ገንዘብን ቆልዑን ኣብ ዘይጠቕመሉ መዓልቲ (58) ናብ ኣላህ ብንፁህ ልቢ*

*ዝመፀአ እንተኾነ እንበር (89) (ሹዓራእ (88-89))*

እዚ ምግባር ዝከኣል ንነፍሲ ስነ-ስርዓት (ኣገባብ) ብምትሓዝ ኢዩ። ነፍሲ ትዝድለ ስነ ስርዓት ዝህልዋ ድማ ናይ ኣላህን ነቢን(ሰ.ዐ.ወ) ትእዛዝ ብምሕላዉን ምኽባርን ኢዩ። እዚ ናይ ኣላህ ትእዛዛትን ክልከላታትን ካብ ባዕሉ (ካብ ቁርኣን) ዝርከብ እንትኸዉን ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ትእዛዛትን ክልከላታትን ድማ ካብ(ሓዲስ) ኣብ ናይ 23 ዓመት ናይ ህይወቶም ጉዕዞ ነግንዮ ኢዩ። እቲ ክቡር ኣላህ ብቁርኣን በቲ ናይ መልኣይከታት ብሉፅ ዝኾነ ጅብሪል ኣብ 23 ዓመታት ዉሽጢ ኣብ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ልቢ ክሰርፅ ጌይሩ'ዩ። እዚ ማለት ድማ ቁርኣን ናይ ኩሎም ነቢታት ባህሪ ፣ ትእዛዛት ፣ ክልከለታትን ስብእናን ዘካተተ 'ዩ። ስዚ ድማ ንሕና

ኣብትሕቲ እዚ ሓቂ ክሳብ ዝተሓቶፍና ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብ ነፍስና ፣ ስድራቤትናን ንብረትናን ንላዕሊ ኣብሊፅና ክንፈትዎም ኣለና፡፡

እዚ ንዕኡም ዘለና ፍቶት ድ ንኣላህ ንኽንፈትዉ ይመርሐና፡፡ ማለት እዉን ንኣላህ ምፍታዉ ማለት ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምፍታዉ ፣ ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ምፍታዉ እዉን ንኣላህ ምፍታዉ ሙኧኑ ኢዩ፡፡

እዚ መንገዲ እዚ ድማ ናብቲ ናይ መወዳእታ ናይ ህይወትና እስትንፋስ ዝሰመረ ንክኸዉን ዝመርሐና መንገዲ ኢዩ፡፡ ማለት ድማ ንሕና ናይ ህይወትና ኣዛዝማ ዝኸዉን (ዝዉስን) በቲ ዘሕለፍናዮ ናይ ህይወትና ኣካይዳ እስትንፋስ ኢዩ፡፡ እዚ እዉን ዝጅምር ሓደሰብ ናይ ዓቅመ ኣዳም ኣብ ዝበፅሕ ወይ ድማ መልኣካይታት (ኣብ የማናን

ፀጋምናን ዘለዉ) ናይ ህይወትና መዝገብ ምፅሓፍ ካብ ዝጅምሩ ኣትሒዙ ኢዩ። ኣላህ ከምዚ ይብለና።

**إِذْ يَتَلَقَّى الْمُتَلَقِّيَانِ عَنِ الْيَمِينِ وَعَنِ الشِّمَالِ قَعِيدٌ [١٧]مَّا يَلْفِظُ مِن قَوْلٍ إِلَّا لَدَيْهِ رَقِيبٌ عَتِيدٌ [١٨]**

*ክልቲኦም ተቐበልቲ ቃል (መልኣኽቲ) ኣብ የማንን ፀጋምን ተቐሚጦም ምስ ዝቕበሉ (ዘክር) (17) ካብ ቃል ኣብጥቕኡ ሓለዉትን ድሉዋትን ዝኾኑ (መላእኽቲ) ዘለዉዎ እንተኾኑ እንበር ምንም ኣይዛረብን። (18) (ቃፍ- 17-18)*

وَكُلَّ إِنسَانٍ أَلْزَمْنَاهُ طَائِرَهُ فِي عُنُقِهِ ۖ وَنُخْرِجُ لَهُ يَوْمَ الْقِيَامَةِ كِتَابًا يَلْقَاهُ مَنشُورًا

[١٣]

*ንኹሉ ሰብ ተግባሩ ኣብ ክሳዱ ኣጥበቕናሉ፡ ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ ዝርጉሕ መፅሓፍ ነውፅኣሉ (13) (ኢስራእ-13)*

- እቶም ናይ ኣላህ ሰናያት ባራዩ ዝበሃሉ እቶም ህይወቶም ብናይ ንኣላህን ንነቢን ፍቶትን ምእዛዝን ንምድማቕ ኢሎም ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ሰባት ኢዮም፡፡ ከምዚ ዓይነት ሰባት ድማ ናይ ትንፋሶም መወዳእታ ናይ ሸሃዳ ቃል እናበሉ እዩ ዝዛለመሎም፡፡ ንኸምዚኦም ዓይነት ባራዩ ድማ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብኸምዚስዕብ ናይ ብስራት ቃል የበስርዎም፡፡

- ናይ መወዳእታ ዘረብኡ ካብ ኣላህ ወፃኢ ካልኢ ኣምላኽ የለን። ሙሓመድ ድማ ልኡኽ ኢዮም። ዝብል ቃል ዝኾነሉ ብርግፅ ጀነት ኣትዩ። (ሃኪም ሙስተድረክ ም-1 ቁ500)

ነዛ ናይ ጠቐላላ ናይ ህይወትና መንፈሳዊ ጉዕዞ ንምስኻዕ ድማ ኣሎ ዝተበሃለ ኩሉ ነገር መስዋእቲ ክንገብር ኣለና። ነዛ ቃል ዚኣ ኣብ ህይወት ግዜኦም ኣብልቦም ኣስሪፆም ዝደጋግሙዎ ዝነበሩ ሰባት ኣብ ግዜ ሞቶም እዉን ብዘይ ገለ ፀገም ይብሉዋ። ነዛ ፅብቐቲ ዘረባ(ከሊመቱ ጠይባ) ዝዕደሉ ሰባት ኣብዛ ዓለም እንትነብሩ እቲ መንፈሳዊ ድሌቶም ካብቲ ስጋዊ(ስምዒታዊ) ድሌቶም ዘብልፁ ዝነበሩ ሰባት ኢዮም። ከምእዉን ንሓቂ ዝድግፉ ንሓሶት ዝፃረሩን ዝዋግኡን ሓቀኛታት ሰባት ኢዮም። ምኽንያቱ ካብ

ኣላህ ወፃኢ ዘሎ ኣማልኽቲ ናይ ሓሶትን ቅጥፈትን ትምህርቲ ዝወሃብሎም ብሙኻኖም ኢዩ።

- እዚ በቲ ናይቲ ሓያል ጎይታ «ኩን´ ትብል ቃል ዝተገነየ (ዝተፈጠረ) ዝኾነ ሰፊሕ የኒቨርስን ኣብ ዉሽጡ ዝሓቆፎን በተለይ እዛ ፍሉይ ዝኾ ፍጥረት (ወድሰብ) ዝተፈጠረላን ዝነበረሉን ዝኾነት መሬት ጠፋኢትን ሓላፊነትን መታለሊትን ሙኻና ክፈልጥ ኣለዎ።

كُلُّ نَفْسٍ ذَائِقَةُ الْمَوْتِ ۗ وَنَبْلُوكُم بِالشَّرِّ وَالْخَيْرِ فِتْنَةً ۖ وَإِلَيْنَا تُرْجَعُونَ

[٣٥]

*ኩላ ነፍሲ ሞት ጠዓሚት ኢያ ፧ ንምፍታን ብክፉእን ብሰናይን ምፍታን*

*ንፍትነኩም ናባና ሽኣ ትምለሱ (35-ኣንብያኢ)*

ናይ ሓደሰብ ቀንዲ ዓላማ ክኸዉን ዘለዎ ኣብቲ ቀፃሊ ዓለም ዘሎ ህይወቱ ዝተሳኸዐ ክኸዉን ኢዩ። ኣላህ ከምዚ ይብለና፦-

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اتَّقُوا اللَّهَ حَقَّ تُقَاتِهِ وَلَا تَمُوتُنَّ إِلَّا وَأَنتُم مُّسْلِمُونَ

[١٠٢]

*ኦ ኣንቱም ዝኣመንኩም! ንኣላህ ዝግባእ ምጥንቃቕ ተጠንቀቕዎ ፤ ንስኻትኩም እዉን ከይኣስለምኩም ኣይትሙቱ፡ (102-ዒምራን)*

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اتَّقُوا اللَّهَ وَلْتَنظُرْ
نَفْسٌ مَّا قَدَّمَتْ لِغَدٍ ۖ وَاتَّقُوا اللَّهَ ۚ
إِنَّ اللَّهَ خَبِيرٌ بِمَا تَعْمَلُونَ [١٨]

*ኦ ኣንቱም ዝኣመንኩም! ንኣላህ ፍርሑ፡ ዝኾነት ነፍሲ ንፅባሕ ዘሕለፈቶ ትርኣ ንኣላህ ፍርሑ ፣ ኣላህ ኣብ እትገብርዎ ዉሽጠ ፈላጥ እዩ(18-ሓሽር)*

ናይ ሞት መከራ ዘንጊዑ ፈጢኑ ፣ ፈተና ፀላእና ፣ ምሽት ኮነ ወጋሕታ ምምፅኡ ዘይቐሪ ሓቂ ኢዩ። ንሕና እዉን ክንቅበሎ ኢና። ነገር ግን ንሕና ደቂሰባት እንትትንበሃል ሞት ከም ዘሎ ዋላኳ እንተፈለጥና ንሞት ግና ገለ ዓይነት ምድላዉ ክንገብር ኣይንርእን። እዚ ድማ ተመሊሱ ናብ ባዕልና ክንፃወሮ

ዘይንኽእል ፀገም እዩ ዝጥምጥመልና፡፡ ከምዚ እንከለና ድማ ሞት እንተመፂኡ ብባዶ እንከለና እዩ ዝወስደና፡፡ ኣብ ነንሕድሕድና ድማ ቂያማ (ኣኺራ) ኣብ ልዕሌና ጠጠዉ ከም ዝበለትና ንኸዉን፡፡ ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

اقْتَرَبَ لِلنَّاسِ حِسَابُهُمْ وَهُمْ فِي

غَفْلَةٍ مُّعْرِضُونَ [١]

*ሰባት ንሳቶም ዘንጊዖም (እናሃለዉ) እናኣበዩ ምርመርኦም ቀረበ(1) (ኣንብያእ 1)*

እቲ ሓያል ኣላህ ምዝንጋዕ ኮነ ሸለል ምባል ንዝኾነ ይኹን ጠቓሚ ከምዘይኮነን ዘምፀኦ መዘዝ እዉን ሕማቕ ሙኻኑ ከምዚ ይብለና፡-

يَا أَيُّهَا الْإِنسَانُ مَا غَرَّكَ بِرَبِّكَ الْكَرِيمِ

الَّذِي خَلَقَكَ فَسَوَّاكَ فَعَدَلَكَ [٦]

[٧]فِي أَيِّ صُورَةٍ مَّا شَاءَ رَكَّبَكَ [٨]

*ኦ ኣንታ ሰብ! ኣብቲ ሓላዪ ጎይታኻ እንታይ ኣታሊሉካ? (6) ኣብቲ ዝፈጠረካ ሙሉእ ኣካል ዝገበረካ ኣብ ዘመዓራረየካ(7) ኣብ ዝደለዮ ቅርፂ ኣጋጣጠመካ (8) (ኢንፊጣር-6-8)*

እቲ ሓቂን ኣብዛ ዓለም ዝርአ ናይ ህይወት ልምዲ ዝሕብረና ወድሰብ ናይ ሙሟት ዕድሉ ካብግዜ ናብግዜ እናገዘፈ ዝኸዱን ብዙሕ ነገር እናሰኣነ ዝኸይድ ሙኻኑን 'ዩ። ሕማም ፣ ሓደጋ ፣ ናይ ወድሰብ ዝፈጥሮ ሓደጋ ፣ ተፈጥራዊ ሓደጋ ፣ ኩናት....ወዘተን ናይ ወድሰብ

ህይወት ንምቕንጣስ ካብ ዝኾየዩ ኣጋጣሚታት ገሊኦም ኢዮም።
- ነገር ግና ብዙሓት ሰባት ሰብ ከምዚ ዓይነት ኣዝዩ ዘፍርሕ ከባቢ እናነበሩ ከለዉ ኣብ ቅድሚኦም እዉን ወገሐ ፀበሐ ናይ ሞት ድርጊት እናስተወዐሉ ከለዉ ኣብ ባዕሎም ግና ሞት ክመፀና እዩ ኢሎም ኣይሓስቡን። ሞት ማለት ኣብ ሞንጎ እዛ ዓለምን ኣብ ሞንጎ እታ ቀፃሊት ዓለም ዘሎ መሰጋገሪ ድልድል ሙዃኑ ኣይዕዘቡን። ኣላህ ድማ ነቶም ከምዚ ዓይነት ሰባት ብኸምዚ ይነቕፎም።

أَيَحْسَبُ الْإِنسَانُ أَن يُتْرَكَ سُدًى

أَلَمْ يَكُ نُطْفَةً مِّن مَّنِيٍّ يُمْنَىٰ [٣٦]

[٣٧]

*ሰብ ብዘይ ቁፅፅር ክፍና (ክሕደግ) ይሓስብ? (36) ካብ ዝፈስስ ንጣብ ፍትወት ኣይነበረን ድዩ? (37) (ቂያማ 36-37)*

ኣላህ(ሱ.ወ) ነዛ ዓለም ኮነ ኣብ ዉሽጣ ዝሓዘቶ ጉዳያት ከም እዉን ወድሰብ ዝፈጠረሉ ቀንዲ ዓላማ ንዓቢ ዓላማ ከምዝኾነን እዚ እዉን ሽለል ክበሃል ከምዘይብሉ ኣላህ ኣጥቢቑ የጠንቅቕ፡፡ ብኸምዚ

وَمَا خَلَقْتُ الْجِنَّ وَالْإِنسَ إِلَّا لِيَعْبُدُونِ

[٥٦]

*ጋኔን ሰብን ንኽገዝኡኒ እንበር ንኻእ ኣይፈጠርኩዎምን (56-ዛሪያት)*

إِنَّ الَّذِينَ لَا يَرْجُونَ لِقَاءَنَا وَرَضُوا بِالْحَيَاةِ الدُّنْيَا وَاطْمَأَنُّوا بِهَا وَالَّذِينَ هُمْ عَنْ آيَاتِنَا غَافِلُونَ [٧]أُولَٰئِكَ مَأْوَاهُمُ النَّارُ بِمَا كَانُوا يَكْسِبُونَ [٨]

*እቶም ንምርኻብና ዘይጽበዩ ንቐረባ ህይወት ዝፈተዉ ብኣኣ ከኣ ዝዓገቡ ንሳቶም ካብ ዓንቀፃትና) ዘንጉዓት ኢዮም:: (7) ንሳቶም በቲ ይክስብዎ ዝነበሩ መንበሪኦም ሓዊ ኢዩ፡ (8) (7-8 ዩኑስ)*

ስለዚ ደቅሰባት በቲ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ናይ ቁርኣን ዓንቀፃት እናተገንዘቡ ናይ ህይወቶም መንገዲ ክመርሑ ኣለዎም:: ደጋጊሞም ክዝክርዎ

ዝግቦኦም ነገር ድማ ኣብቲ ዝተወሃብዎ ናይ ምንባር ዕድል ሰናይ ስራሕ ሰሪሖም እኹል ስንቂ ሒዞም ክሓልፉ ከምዝለዎም እዩ። ምኽንያቱ ሓደሻዕ ሞት እንተመፂኡ ድሕሪኡ ሰናይ ስራሕ ንምስራሕ ኣይሕሰብን። ኣላህ ከምዚ ይብለና፦

وَأَنفِقُوا مِن مَّا رَزَقْنَاكُم مِّن قَبْلِ أَن
يَأْتِيَ أَحَدَكُمُ الْمَوْتُ فَيَقُولَ رَبِّ لَوْلَا
أَخَّرْتَنِي إِلَىٰ أَجَلٍ قَرِيبٍ فَأَصَّدَّقَ وَأَكُن
مِّنَ الصَّالِحِينَ [١٠]وَلَن يُؤَخِّرَ اللَّهُ نَفْسًا

إِذَا جَاءَ أَجَلُهَا ۚ وَاللَّهُ خَبِيرٌ بِمَا تَعْمَلُونَ [١١]

*ንሓዴኹም መዊእዎ፣ ኦ ጎይታይ! (ምእንታን) ክምፅዉትን ካብ ሰናያትን ክኸዉን ቁሩብ ግዜ እንተተፅንሓኒ ቅድሚ ምባሉ ካብ ዝሃብናኩም ሻሻይ መፅዉቱ (10) ነፍሲ እዋን ሞታ ምስ መፀኣ ኣላህ ብፍፁም ኣየፅንሓን ኣላህ ኣብ እትገብርዎ ዉስጠ ፈላጥ ኢዩ። (10-11 መናፊቁን)*

ደቅሰባት መወዳእታእታኦም ናብቲ ሓመድ ምድፋንን ናብ ፀልማት ፣ ፀጥታ ፣ በይንኻ ሙኧንን ዝተመለአ ዝኾነ ቀብሪ ምእታዎም ዘይቐሪ ምኗኑ ብደንቢ ጌሮም ኢዮም ዝፈልጡ። ቀብሪ ማለት ካብ ፅቡቕ ስራሕ ወይ ሕማቕ ስራሕ

ወፃኢ ካልእ ኣቀባብላ ዝገብር ኣካል ዘይብሉ ዝኾነ ዓለም ኢዩ። ደቅሰባት ብሸለል ናይ ለይትን ቀትርን ምፍርራቅ እናሕለፍዎ ይርከቡ። በዚ ናይዛ መጨበጢ ዘይብላ ዓለም ህይወት ፣ ገንዘብ ፣ ዉላድን ሽልማት ተታሊሎም ይርከቡ። ሕፅር ብዝበለ መልክዕ ኣላህ ገፀባህሪኦም ከምዝስዕብ ይገልፆ።

أَلْهَاكُمُ التَّكَاثُرُ [١]حَتَّىٰ زُرْتُمُ الْمَقَابِرَ

[٢]كَلَّا سَوْفَ تَعْلَمُونَ [٣:]ثُمَّ كَلَّا سَوْفَ

كَلَّا لَوْ تَعْلَمُونَ عِلْمَ الْيَقِينِ [٥] تَعْلَمُونَ [٤]

*ኣብ ብዝሒ ምህባን (ካብ ጎታኹም ምግዛእ) ኣዘንጊዑኩም (1) ክሳብ መቓብራት ዝበፃህኩም (2) ኣይኮነን! ንመፃኢ ዉፅኢቱ ክትፈልጡ ኢኹም(3)*

*ከምእዉን ንመፃኢ ክትፈልጡ ኢኹም(4) ብሓቂ (ዝፅበየኩም) ብርግፀኛ ፍልጠት እንተትፈልጡ (5)...(ተካሱር 1-5)*

ብርግፅ ንሕና ካብ ዝተወለድናሉ ሰዓት ጀሚሩ ክሳብቲ ሞት መፂኡ ናብ ቀብሪ ዘፅድፈና ኣብቲ ልሙድ ዝኾነ ናይ ሸለልትነት ህይወት ኢና ንነብር፡፡ ካብዚ ሓሊፉ ድማ ናይ ህይወት እቲ ዝለዓለ (ዝነወሐ) ዕድመ ካብ ምብፃሕ ሓሊፉ ናብ ናይ ህፃንነት ባህሪ ዝምለስሉ ግዜ ዝፀንሕ ኣሎ፡፡ እዚ ከምዚ ዓይነት ሰብ እኹል ስንቂ እንተዘይኣዳልዩ ወይልኡ፡፡ ነዚ ድማ ኣላህ ኸምዚ ይብለና፡፡

وَمَن نُّعَمِّرْهُ نُنَكِّسْهُ فِي الْخَلْقِ ۖ أَفَلَا يَعْقِلُونَ [٦٨]

*ዕድሚኡ እነንዉሖ ኣብ ፍጥረቱ (ናብድኹም) ንልዉጦ ፣ ኣየስተዉዕሉን ዲዮም? (65- ያሲን)*

ኣቡሶፍዋን ዓብደላህ ኢብን ቡስር ኣስለሚ (ረ.ዓ) ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዝስዕብ የዋጉዑና፡- « ካብ ሰባት ኩሎም እቲ ብሉፅ ዕድሚኡ ነዊሑ ስርሑ ዝፀበቐ ኢዩ፡፡´ (ቲርማዚ)

ሓደሰብ ነቲ ናይ ህይወት ዓቀብን ቁልቁልን ኣገባዲዱ ናብ ቀብሪ ቅድሚ ምፅዳፉን መገሻይ እዉን ወዲኣን ቅድሚ ምባሉ ነቲ ጉያ ዝስዕረሉ ቀጥታዊ መንገዲ ክመርፅ ኣለዎ፡፡ እዚ ድማ ነቲ ስጋዊ ስምዒቱ ኣሸኒፉ ኣብ ልዕሊ ነፍስያኡ ፀብለልታ ዘርእየሉ ንኣላህ ናይ ምፍራሕ መንገዲ ኢዩ፡፡

- ሸዳድ ኢብን ኣዉስ(ረ.ዓ) ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ይብሉና፡- «በሊሕ´

(ኀበዝ) ሰብ ማለት ንስጋዊ ድሌቱን ስምዒቱን ተቆፃፂሩ ድሕ ሞት ንዘሎ ህይወት ዝዳለዉ ሰብ ኢዩ። ዓሻ (ሰነፍ) ሰብ ማለት ድማ ነቲ ናይ ነፍሱ ስምዒትን ድሌትን ስዒቡ ናብ ዝፀደፈቶ ዝፀድፍን ኣብ ልዕሊዚ ድማ (ብዘይ ገለ ስራሕ ካብ ኣላህ) ኮንቱ ትምኒት ዝትስፈዉ ኢዩ። (ቲርማዚ ፀብፂቦሞ)

ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ቅድሚ ምልኣኾም ሓደ ኩሳ ቢን ሰዒደህ ዝተበሃለ ንኣላህ ዝፈርሕ ዝነበረ ባርያ ሓደ መዓልቲ ዑካዝ ኣብ ዝተበሃለ ናይ ዓረብ ዓለም ፍሉጥ ዕዳጋ ነቲ ኣብኡ ዝነበሩ እኩባት ህዝቢ ማዕዳ ምዒድዎም ኔሮም። እዚ ሰብ ኣብቶም ህዝብታት ዓቢ ክብረት ዝነበሮን ኣዝዩ ተቐባልነት ዝነበሮ ሰብ ብሙኧኑ ገና ናብቲ ቦታ እንትበፅሕ ዓቢ

ኣቀባብላ እዩ ተገይርሉ፡፡ ከምዚ ድማ ዘርብሉ ቀፀለ፡-

- ኣንቱም ሰባት! ናባይ እስቲ ንዑ፡፡ ንዝነግረኩም ዘረባ ኣዳምፁ ማዕዳይ እዉን ተቀበሉ፡፡ ፍጡራት ኩሎም መወቲ ኢዮም፡፡ ዝሞተ ከኣ በስቢሱ ናብ ሓመድ ምትሕዉዋስ ናይ ግድን ኢዩ፡፡ ድሕሪኡ ዝናብ ይዘንብ ሳዕርን ፣ ኣእዋማት ይቦቅሉ፡፡ ሕፃናት እዉን ተወሊዶም ዓብዮም ንወለዶም ይትክኡ፡፡ ድሕሪኡ ኩሉ ነገር ይኣርግሞ ይሃልቅ፡፡ እዛ ዓለም ናይ ክስተታት ቅድም ተኸተል ደኣምበር ካልእ ኣይኮነትን፡፡ ሓደ ነቲ ሓደ እናሰዓበ ዝተኻኸአሉ መድረኽ ኢያ.........´

* ኣቡ ሰዒዲኒል ኹድሪ(ረ.ዓ) ድማ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከም ዝስዕብ እንትብሉ ሰሚዐ ይብሉና ዱንያ (ዛዓለም) ሓምለወይትን ምቅርቲን ኢያ፡፡ ኣላህ ድማ ኣብዛ ዓለም

እንታይ ወይ ከመይ ከምትሰርሑ ክዕዘብ ኣብኣ ተተካእቲ ጌሩኩም። ብሰንኪ ናይ ዱንያ ፍቅሪን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፈተናን ሰበብ ካብ ዝመፅእ ሕማኞ ተግባር ተጠንቀቑ። ንኣላህ ፍርሑ። ንደቂ ኢስራኤል ናይ መጀመርያ ኣብ ህዉከት(ፈተና) ዝወደቑሉ ሰበብ ደቅኣንስትዮ ኢየን ኔረን። (ሙስሊም)

* ሰይድ ዓሊ(ረ.ዓ) ድማ «ደቅሰባት ኩሎም ወትሩሻዕ ኣብ ህራስ ኢዮም ዝኤሀዉ። ግና እንትሞቱ ይነቅሑ።´

ስለዚ እታ ትኽክለኛ ህይወት ማለት እዛ ንነብረላ ፈጣንን ዝኾትን ዱንያ ዘይኮነትስ እታ ቀፃሊት ዓለም ኣላህ ነቶም ዝፈርሑዎ ዘዳለዋ ዝኾነት ኣዝያ ምችዉቲን ዘወታሪትን ጀነት ኢያ።

وَسَارِعُوا إِلَىٰ مَغْفِرَةٍ مِّن رَّبِّكُمْ وَجَنَّةٍ عَرْضُهَا السَّمَاوَاتُ وَالْأَرْضُ أُعِدَّتْ لِلْمُتَّقِينَ [١٣٣]

*ናብ ምሕረት ጎታኹምን ናብ ግፍሓ ክንዲ ሰማያትን ምድሪን ዝኾት ገነት ንኣላህ ንዝፈርሑ ዝተዳለወት ተቀላጠፉ(133-ዒምራን)*

እቲ ኣዝዩ ዘፅልእን ዘፍርሕን ሞት ድማ ንኣላህ ከይፈለጥካዮን ከይተገዛእኻዮን እንከለኻ ዝመፅእ ሞት እዩ።

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اتَّقُوا اللَّهَ حَقَّ تُقَاتِهِ وَلَا تَمُوتُنَّ إِلَّا وَأَنتُم مُّسْلِمُونَ

[١٠٢]

*ኦ ኣንቱም ዝኣመንኩም! ንኣላህ ዝግባእ ምጥንቃቕ ተጠንቀቕዎ፡ ንስኻትኩም እውን ከይኣስለምኩም ኣይትሙቱ (102- ዒምራን)*

ስለዚ ድማ እዩ ሓደ ሙእሚን ወግሐ ፀብሐ ዘጨንቖ ነገር ኣብዛ ዓለም ከመይ ከምዝነብርን ከመይ ከም ዝመዉትን ኢዩ። ህይወቱ ኮነ ኣማዉትኡ በቲ ኣላህ ዝኣዘዞን ዝፈትዎን መንገዲ ክኸዉን ኣለዎ።

قُلْ إِنَّ صَلَاتِي وَنُسُكِي وَمَحْيَايَ وَمَمَاتِي لِلَّهِ رَبِّ الْعَالَمِينَ [١٦٢]لَا شَرِيكَ لَهُ ۖ وَبِذَٰلِكَ أُمِرْتُ وَأَنَا أَوَّلُ الْمُسْلِمِينَ [١٦٣]

*ስግደተይ ምግዛአይ ምህላወይ ምሟተይ ነቲ ና ዓለማት ጎይታ ኣላህ ኢዩ(162) ንዕኡ ሽሪክ የብሉን ብሉሉ ከኣ ተኣዚዘ ኣነ(163) (ኣንዓም 162-163)*

ነዚ ካብ ምግባርን ነቲ ቅኑዕ መንገዲ ካብ ምስዓብን ወፃኢ ንማንም ሰብ ዋላኳ ንነቢያት እንተኾኑ ካልእ መድሕን የለን። ስለዚ ድማ ኢዮም ነቢ ዩሱፍ(ዓ.ሰ) ንኣላህ(ሱ.ወ) ናይ ህይወት መወዳእታ ብኢስላም ክገብረሎም ኣዝዮም ዝልምንዎ ዝነበሩ። ምኽንያቱ ብዘይ ናይ ኣላህ

ሓገዝን ረድኤትን ሙስሊም ኮይንካ ሙማት ስለዘይከኣል ኢዩ።

رَبِّ قَدْ آتَيْتَنِي مِنَ الْمُلْكِ وَعَلَّمْتَنِي مِن تَأْوِيلِ الْأَحَادِيثِ ۚ فَاطِرَ السَّمَاوَاتِ وَالْأَرْضِ أَنتَ وَلِيِّي فِي الدُّنْيَا وَالْآخِرَةِ ۖ تَوَفَّنِي مُسْلِمًا وَأَلْحِقْنِي بِالصَّالِحِينَ

[١٠١]

*ኦ ጎይታ! ካብ ንግስና ብርግፅ ሂብካኒ ካብ ምፍታሕ ሕልምታት ኣምሂርካኒ ፣ ኦ ፈጣሪ ሰማያትን ምድርን ፣ ንስሓ ኣብ ቀረባን ኣብታ ዳሕረወይትን ኣዐዋቲየይ*

*ኢኻ ኣስላማይ እንክለኹ ኣሙተኒ ፣ ኣብ ብፁኣት ኣስዕበኒ በለ (10) ዩሱፍ)*

* ካብዚ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ እንርድኦ ነቢታት እኳ እንተኾኑ ናይ ኣላህ(ሱ.ወ) ርህራሄን ሓገዝን እንተዘይረኺቦም ፃዕሮም ከም ዘይሳኽዐሎም እዩ። እንድሕር ንሳቶም ንኣላህ ክንዲዚ ዝኣክል ዝፈርሕዎን ናይ ህይወቶም ኣወዳድኣ ዘጨንቆምን ኮይኑ ንሕናኸ? ስለዚ ዝኾነ ይኹን ሙስሊም ህይወቱ ዝውደኦ ንኣላህ ብምፍራሕን ምሕረቱ ድማ ተስፋ እናገበረ ክኸዉን ኣለዎ።

ስለዚ ኣብ ቂያማ መዓልቲ ዝህልወና ኩነታት ኣብዛ ዱንያ ከለና ዝነበረና ኩነታትን ኣብ ግዜ ሞትና ዝነበረና ኩነታት ኢዩ። ስለዚ ቁርኣን ናይ ገለገለ ሰባት ዝነበሮም ናይ ህይወቶም ኣወዳድኣ ይዝንትየልና። ንኣብነት፡ ነቢዩላህ

ሙሳ(ዓ.ሰ) ካብ ኣላህ ዝተወሃቦም ትእምርቲ ንፈርዓዉነን ኣማኽርቱን ከምእዉን ነቶም ንሱ ዘምፀኦም ደፍታራታት ኣብ ዘርኣዩዎም ግዜ ዝተኸሰተ ነገር ከመይ ኔሩ? ብርግፅ እቶም ደፍተራታት ብናይ ነቢ ሙሳ ጎይታ ኣሚኖም ስጁድ ወዲቖም ኢዮም። ኣላህ እዉን ከምዚ ይብል፡-

قَالُوا آمَنَّا بِرَبِّ الْعَالَمِينَ [١٢١]رَبِّ

مُوسَىٰ وَهَارُونَ [١٢٢]

*በቲ ናይ ዓለማት ጎታ ኣሚና በሉ (121) ጎይታ ሙሳን ሃሩንን (122) (ኣዕራፍ 121-122)*

እቲ ኣረመኔን ጨካን ዝኾነ ፈርዓዉነ ግና ኸምዚ እናበለ ከፈራርሖም ጀመረ

قَالَ فِرْعَوْنُ آمَنتُم بِهِ قَبْلَ أَنْ آذَنَ لَكُمْ
ۖ إِنَّ هَٰذَا لَمَكْرٌ مَّكَرْتُمُوهُ فِي الْمَدِينَةِ
لِتُخْرِجُوا مِنْهَا أَهْلَهَا ۖ فَسَوْفَ تَعْلَمُونَ
[١٢٣]لَأُقَطِّعَنَّ أَيْدِيَكُمْ وَأَرْجُلَكُم مِّنْ
خِلَافٍ ثُمَّ لَأُصَلِّبَنَّكُمْ أَجْمَعِينَ [١٢٤]

*ፈርዖን፡- ከይፈቀድኩልኩም ብእኡ ኣሚንኩም? እዚ ካብዛ ከተማ ንሰባ ንምውፃእ ዝተስማዕማዕኩሙሉ ተንኮል ኢዩ ፤ ንመፃኢ ዝወርደኩም ክትፈልጡ ኢኹም በለ(123) ኣእዳውኩምን ኣእጋርኩምን ብምፍርራቕ ክቆርፅ ኢየ ካብኡ ንኹሉኹም ክሰቅለኩም ኢየ በለ(124) (ኣዕራፍ 123-124)*

* ነገር ግና ዋላኳ ፈርዓዉን ከምዚ ኢሉ እንተፈራርሖም ንሳቶም ግና ብምኽንያት እቲ ናብ ልቦም ሰሪፁ ዝኣተወ ኢማን ከም ዝስዕብ መለስሉ::

قَالُوا إِنَّا إِلَىٰ رَبِّنَا مُنقَلِبُونَ [١٢٥]وَمَا تَنقِمُ مِنَّا إِلَّا أَنْ آمَنَّا بِآيَاتِ رَبِّنَا لَمَّا جَاءَتْنَا ۚ رَبَّنَا أَفْرِغْ عَلَيْنَا صَبْرًا وَتَوَفَّنَا مُسْلِمِينَ [١٢٦]

*ንሕና ናብ ጎይታና ከየድቲ ኢና በሉ (125) ትእምርትታት ጎይታና ምስ መፁኡና ብዘይካ ምእማን እንታይ ኢዩ እቲ ካባና ትፅየፎ?ኦ ጎይታና! ኣባና ትዕግስቲ ኣፍስስ ኣስላም ኮንና ኣሙተና (126) (ኣዕራፍ 125-126)*

ነዚ ድሕሪ ምባሎም ነቲ ፈርዓዉነ ከስዕበሎም ዝኽእል ፀገም ንምፅዋር ተዳለዉ። እስቲ ናይዞም ሰባት ኩነታት ነስተዉዕል። ፈርዓዉነ ከም ዝተሓነዮ ክቆራርፆምን ክቀትሎምን እንትጅምር ንሳቶም እዉን ከክንዲ ናብ ናይ ፈርዓዉነ ድሌት ብምምላስን ናይዛ ዓለም ሽልማት ክንዲ ምድላይ ስቓይ ተፃዊሮም ሞት ብምጥዓም ናይ ጎይታኦም ፍቶት ኣብለፁ። ኣብቲ ከምቲ ዓይነት ስቃይ ከለዉ ድማ ከምዚ ይብሉ ነበሩ።

«ኣንታ ጎይታና! ዕጉሳት ግበረና፣ ሙስሊሚን ኮና ክንመዉት እዉን ርድኣና።´ ነዚ ዓቢ እምነቶም ንምሕላዉ ድማ ናይ ኢድ ምቁርራፅን ፣ ኣእጋር ምቁርራፅን ሞትን ዋጋ ኣኽፈሎም። ዋላኳ ኣማዉትኦም ሰማእትነት ደረጃ እንተብፅሖም ብኻሊእ ገፅ ድማ ብናይ

ኣላህ ሓድነትን ናይ ነቢ ዒሳ ነቢነትን ዝኣመኑ ዝነበሩ ናይ የመን ኣሃዳዉያን ክርስትያን በቲ ዝነበሮም ዝምነት ሰበብ ኣብቲ ግዜ ዝነበረ ጨካን ንጉስ ነቶም ህዝቢ መንደዲ ዝተኩዓቱ ጉድጓዳት ሓዊ ኣቀፃፂሉ ብጭካነ ክጥበሱን ክነዱን ጌይሩ ኢዩ። እዞም ሰባት ኅይታ ሓደ ፣ ዒሳ(ኢየሱስ) ከኣ ልኡኽ እዩ ካብ ምባልን ጣኦታት ካብ ምርሓቅን ወፃኢ ዝገበርዎ በደል ኣይነበረን፡ እዞም ሰባት ኣብ ቁርኣን ኣስሓቡል ኡኽዱድ (ናይታ ጉድጓድ ብፆት) ተባሂሎም ተጠቂሶም ይርከቡ።

ካልእ ሓቢቡ ነጃር ኣብ ሱረቱል ያሲን ተዘንቲዩ ይርከብ። እዚ እዉን ብኅይታ ሓደነት ብምእማኑ ህዝቡ ብእምኒ (ዳናጉል) ቀጥቂጦም (ጀፊፆም) ቀቲሎምዎ እዮም። ኣብ ዝሞተሉ ሰዓት ኣላህ ናይዛ ዓለም ናይ ጣፋኣይነት

ምሽጢርን ናይታ ዳሕረወይቲ ዓለም ዘዉታራይነትን ከስተዉዕል ገበሮ። ንሱ ድማ ነዚ ድሕሪ ምስትዉዓሉ ብናይ ህዝቡ ዕዉርነት ኣዝዩ ጉህዩ ከምዝስዕብ በለ።

قِيلَ ادْخُلِ الْجَنَّةَ ۖ قَالَ يَا لَيْتَ قَوْمِي يَعْلَمُونَ [٢٦] بِمَا غَفَرَ لِي رَبِّي وَجَعَلَنِي مِنَ الْمُكْرَمِينَ [٢٧] *ገነት እቶ ተባሂሉ ፤ (ንሱ ኸኣ) ዋይ ትምኒተይ! ህዝበይ እንተዝፈልጡ በለ (26) ጎይታይ ምሕረት ዝገበረለይን ካብ ዝኸበሩ ዝገበረኒ ሙኻኑ(27) (26-27-ያሲን)*

ኣብቲ ናይ መጀመርያ ነቢ ዒሳ(ዓ.ሰ) ኣብ ዝተለኣኹሉ ሚእቲ ዓመት ትኽክለኛ ዝኾነ ናይ ኣሓዳዊ ክርስትና (ዒሳ ነቢ ኢዩ ኢሎም ዝኣምኑ) ይስፋሕፋሕ

ብምንባሩ ናይ ሮማን ግሪክን ጣኦታዉያን ግና ነዚ እምነት ንዝስዓቡ ዓቢ ስቓይን መከራን የብፅሕሎም ኔሮም፡፡ ካብቲ ዘብፅሕሎም ዝነበሩ ስቅይያት ገሊኡ ንፍርቆም ምስ ሂወቶም ንኣንበሳን ነብርን ይወሃቡ ኔሮም፡፡ ይኹን ደኣምበር እቶም ኣብቲ ግዜ ዝነበሩ ኣሕዳዊ ክርስትያን (ሙስሊምን) ስቃይ ስለ ዝበዘሖም ካብ ሃይማኖቶም ዘድሐርሕር ኣይነበረን እኳ ደኣ ነዛ ናይዛ ዓለም ጠፉኣይነትን ናይታ ዳሕረወይቲ ዓለም ራህዋ ብምስትዉዓል ኣብ እምነቶም ፀኒዖም ሓሊፎም ኢዮም፡፡
* ኸባብ ኢብኑ ኣረት(ረ.ዓ) ዝተብሃለ ብፃይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ይዝንትወልና፡፡ ሓደ መዓልቲ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) መጎልበቢኦም ተተርኢሶም ኣብ ናይ ካዕባ ፅላል ትሕቲኡ ግድም ኢሎም እንከለዉ ገሌና ብኸምዚ ሓተቶም፡፡ «ኣንቱም ልኡኽ

ኣላህ ነዚ ዝበፅሕና ፀገም ምእንታን ክለግሰልና ንምንታይ ዱዓ ዘይገብሩልና? ንምንታይከ ሓገዝ ዘይልምኑልና?´ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከኣ ብከምዚ ወቀሱና፡- ቅድሜኹም ዝነበሩ ሙእሚኒን ከሓድቲ ንሓደ ኣምፂኦም ኣብ ጉድጓድ ይተኽልዎ እሞ ብመጋዝ ከኣ ኣብ ክልተ ይፍንፅሕዎ ኔሮም፡፡ ነቲ ሓደ ከዓ ስግኡ ካብ ኣዕፅምቱ ዓይኑ እናረኣየ ብናይ ሓፂን ፀፋር መሰንተር ይልሕጥዎ ኔሮም እዚ ኩሉ ስቓይ ግና ካብ ሃይማኖቱ ኣይመልሶን ኔሩ፡፡ ግና ንስኻትኩም ትሃፀፁለኹም፡፡ (ቡኻሪ)

* ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንናይ ዓብዱላህ ኢብኑ ዑመር ማእገር ሕዝ ኣቢሎም ከምዚ መዓድዎ፡፡ ኣብዛ ዓለም እንትትነብር ከም ጋሻ ወይ ገያሻይ ኩን፡፡ ካብኡ ድማ ኢብኑ ዑመር ከምዚ ይብሉ ነበሩ፡፡

እንተምሲኻ ወጋሕታ ኣይትፀበ! እንተሓዲርካ ድማ ንምሸት ኣይትፀበ፡፡ ካብ ግዜ ጥዕናኻ ንሕማምካ ፣ ኣብ ግዜ ህይወትካ ድማ ንሞትካ ተዳሎ፡፡ (ቡኻሪ) ስለዚ ድማ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብዖት ነዚ ተረዲኦም ዓቢን ህያዉ ኮይኖም ዝነብሩ ኣብነታት ሓዲጎም ከይዶም ኢዮም፡፡

ኹበይብ ኢብኑ ዓዲይ(ረ.ዓ) ናብ ናይ ተንዓም ሜዳ ተወሲዱ ክቕተል ኣብ ዝሰቕልዎ ሰዓት ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሰላምታ ክልእኽሎም ደለየ፡፡ ነገር ግን ካብቶም ኣብ ቅድሚቱ ዝነበሩ ሰባት ገለኳ ኣማኒ ስለዘይነበሮም ዘብፀሓሉ ከምዘየለ ተረደአ፡፡ ኣብዚ ግዜ ኹበይብ ናብ ሰማይ ቅንዕ ኢሉ ከምዚ በለ፡-

ኣንታ ጎይታይ! ናብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሰላምታይ ዘብፀሓለይ ስለ ዘየለ ንስኻ ኣብፀሓለይ፡፡ ኣብዚ ግዜ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብ

መዲና ኮይኖም «ወዓለይሂ ሰላም´ (ኣብል ልዕሊኡ ሰላም ይዉረድ) በሎ፡፡ ነዚ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘረባ ዝሰምዑ ብፆት ንናይ መን ሰላምታ ኢኹም ደኣ መልሲ ትህቡ? ኢሎም ሓተትዎም፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከኣ ናይ ሓዉኹም ኹበይብ በሉ፡፡ ቅፅል ኣቢሎም ኹበይብ ኣብ ጀነት ጎረቤተይ ኢዩ፡፡

ካልእ ዛንታ ከኣ ናይ ንነቢ በተለይ ብናይ ዉግእ ጥበብ ኣዝዩ ዘማኽሮምን ብዙሕ ናይ ዉግእ ስልቲ ዝሕብሮም ዝነበረ ዓቢ ብፃይ ነቢ ሳዕድ ኢብኑ ረቢዓህ(ረ.ዓ) እዩ፡፡ እዚ ሰብ ኣብ ናይ ኡሑድ ዉግእ ኣዝዩ ቆሲሉ ወዲቑ ነበረ፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከኣ እቶም ዝሞቱ ብፆቶም ካብቶም ዝቆሰሉ ፈሊዮም ንምፍላጥ ሰባት መደቡ፡፡ ሳዕድ ኢብኑ ረቢዓ ከኣ ሙማቱን ብህይወት ምህላዉን

ዘፃርየሎም ሰብ ለኣኹ፡፡ እዚ ሰብ ንሳዕድ ደሊዩ ደልዩ ክረኽቦ ኣይከኣለን፡፡ ምናልባት ድምፀይ እንተሰመዐ ኢሉ እዉን ብሽሙ ፀወየ፡፡ እንተኾነ ግን መልሲ ኣይረኸበን፡፡ እዚ ሰብ ባዕሉ እናገልበጠ ክደልዮ ጀመረ፡፡ ኣዝዩ ቆሲሉ ወዲቑ ድማ ረኸቦ፡፡ ከምዚ ድማ በሎ፡- ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብህይወት ምህላዉካን ዘይምህላዉካን ከፃርየሎም ሊኢኾምኒ፡፡ ሳዕድ ከኣ ኣይ! ኣነኳ መዋታይ እየ በሎ፡፡ ካብኡ ዘረብኡ ቅፅል ኣቢሉ ከምዚ በለ፡- ንነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሰላም በለለይ፡፡ ንሙሃጂሪንን ንኣንሷርን ዝወዓለልና (ዝገበረልና) ፀጋ ኣላህ ጃዛኹም ይኸፈልኩም በለለይ፡፡ ንስኻትኩም ከዓ ካባኹም ሓንቲ ዓይኒ እኳ እናረኣየት እናሃለወት ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ፀገም (ጉድኣት) እንተበፂሕዎም ኣላህ ዓዉፍ ከም

ዘይብለኩም ፍለጡ ኢሉ ነቲ ልኡኽ ኣጠንቀቖ። ካብኡ ድማ ሳዕድ ናብታ ዘዉታሪት ዓዲ ተሳገረ። እቲ ልኡኽ ናብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ተመሊሱ መፂኡ ናይ ሳዕድ ኩነታትን ማዕዳን ሰላምታን ነገሮም። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከኣ «ኣብ ልዕሊኡዉን ሰላም ይዉረድ ፧ ብህይወት እንከሎ ኮነ ሞይቱ ንነቢኡ ብማዕዳ (ምኽሪ) ረዲኡ እዩ። በሉ።

ዝቕፅል ታሪኽ ድማ ሑዘይፋ(ረ.ዓ) ዘዉርየልና ዛንታ ንተዓዘብ። እዚ ዛንታ ኣብ ግዜ ናይ የርሙክ ጦርነት ዝተኸሰተ ኢዩ። ሑዘይፋ ኣብ የርሙክ ዉግእ ተሳቲፊ ኔረ ይብለና። እና ብዙሓት ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብፆት ኣዝዮም ቆሲሎም ኣበየ ቦትኡ ተዛሕዚሖም ወዲቖም ስለ ዝነበሩ ወዲ ሓዉኣቦይ ዝነበረ ሓሪስ ኩነታቱ ከፅንዕ ክደላልዮ ጀመርኩ። ኣብ ሞንጎ

ሙውታት ድማ ደም ብደም ተኣሊኹ ወዲቐ ኣግነኽዎ፡፡ ክዛረብ ከኣ ዓቕሚ ስለዘይነበሮ ብዓይኑ ምልክት ይህበኒ ነበረ፡፡ ኣነ ድማ ብቕልጡፍ እንታይ ከም ዝደለዩ ስለ ዝተረዳእኹ እቲ ተሓንጊጠዮ ዝነበርኩ ኳዳ ኣዉሪደ ማይ ክህቦ እንትብል ኣብ ርሑቕ ኮይኑ አረ ማይ! አረ ማይ! ዝብል ድምፂ ሰምዐ፡፡ ሓሪስ ናብቲ ማይ ማይ ዝብል ሰብ ንዕኡ መጀመርያ ንክህቦ ሓበረኒ፡፡ ኣነ ድማ እናጎየኹ ናብ ዒክሪማ ከድኩ፡፡ ንዕኡ እዉን ማይ ከስትዮ ቅንዕ እንተብሎ ኣብ ርሑቅ ኮይኑ ዓይሽ አረ በያዛኻትኩም ንእሽትለይ ማይ ዶኾን የለን? ክብል ሰምዖ፡፡ ዓክሪማ እዉን መጀመርያ ንዓያሽ ንክወስደሉ ብርእሱ አንቀሳቂሱ ኣዘዘኒ፡፡ ኣነ ድማ እናጎየኹ ናብ ዓያሽ እንትበፅሕ ዓያሽ ከምዚ እናበለ ኣግነኽዎ፡፡ ኣንታ

ጎይታይ ኣብ ናትካ መንገዲ ንሙማት ዋላ ሓንቲ ግዜ እኳ ንድሕሪት ኢልና ኣይንፈልጥን፡፡ ሕዚ ድማ በይዛኻ ናይ ሰማእታት ደረጃ ኣብፀሐና! ሓጢያትና እዉን መሓረና፡፡ ዓያሽ ነቲ ዝሓዝኩዎ ማይ ጠመቶ፡፡ ግን ግዜ ስለ ዘይነበሮ ናይ መወዳእታ ቃሉ ሽሃዳ ኢሉ ዓረፈ፡፡ ኣነ ድማ እናጎየኹ ናብ ዒክሪማ ተመለስኩ፡፡ ንሱ እዉን ዓሪፉ ኣግኘኽዎ፡፡ ናብ ወዲ ሓዉኣቦይ ሓሪስ ብፍጥነት እንተኸድኩ ድማ ንሱ እዉን ናይ ኣሕዋቱ ዕድል ረኺብዎ ፀነሐኒ፡፡ ኳዳይ ምስ መላአት ከላ ሓዲኦም እኳ ከይጠዓሙላ ስለስቲኦም ሞቱ፡፡ ነዚ

ዝተመልከተ ሑዘይፋ ከምዚ ይብለና፡፡ ኣብ ህይወተይ ከምዚ ዓይነት ነገር ኣዝዩ

ኣጉህዩኒ ኣይፈልጥን፡፡ እዞም ሰለስተ ብፃያት ከኣ ኣብ ሞንጎኦም ገለ ዝምድና ዘይብሎም ከለዉ ነንባዕሎም ዝነበሮም ምትሕስሳብ ሪአ ኣዝየ ከድንቐም ከኣልኩ፡፡ ዝኸሮም እዉን ንዘልኣለም ኣብ ልበይ ይነብር፡፡ እዚ ዛንታ ዘምህረና ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብፆት ዝለዓለ ናይ ሞራል ባህሪ ደረጃ ከም ዝበፅሑ ኢዩ፡፡

# ምዕራፍ ክልተ

## ንኣላህ ምዝካር

ኣብዛ ዓለም ነቲ ቁኑዕ መንገዲ ዝተመርሐ ሰብ ኮይና ክንነብር እንኽእልን ነታ ቀፃሊት ዓለም ድማ ህይወትና ንኽስኻዕ ካብ ፅቡቕ (ሰናይ) ዝኾኑ ነገራት ስንቅና ክንመልእ ኣለና፡፡ ምኽንያቱ ኣብ ዝቕፅል ሓዲስ ከም እንርድኦ ሰብ ዝዓፅዶ ዝዘርኦ ጥራይ ሙኻኑ እዩ፡፡ ከም ኣነባብራኹም ትሞቱ ከም ኣማዉታኹም ከኣ ትትስኡ፡፡

ቀንዲ ዓላማና ክኸዉን ዘለዎ ካብዛ ዓለም ንምስንባት ሓንቲን ናይ መወዳእታን እስትንፋስ ኣብ ትተርፈና ንዓኣ ብፅቡቕ ኩነታት ዛዚምና ኣብዳ ኣላህ ፅቡቕ ዝኾነ ኣቀባብላ ንኽንረክብ ጥራይ ኢዩ፡፡ እዚ

ነገር ልቢ ኢልና እንት ነስተዉዕሎ ብዙሕ ነገር ኣብ ዉሽጡ ዝሓቖፈ ኮይኑ ንረኽቦ። ሓደ ኣማኒ ዕድሚኡ ሙሉእ ሰናይ ነገር እናሰርሐ ዋላኳ እንተሕለፎ ግና ጀነት ኢዩ መንበሪኡ ኢልካ ርግፀኛ ሙኾን ኣይከኣልን። ከምእዉን ሓደሰብ ህይወቱ

ሙሉእ ኣብ እኩይ ስራሕ ፀኒሑ መወዳእትኡ ፀቢቑሉ ናብ ገነት ክኣቱ ይኽእል ኢዩ። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከምዚ ዝስዕብ የብራህሩህልና፡-

«ነፍሰይ ኣብ ኢዱ ዝኾነ ጎይታ ይኹነኒ´ ሓደ ካባኹም ናይ ጀነት ስራሕ ዝሰርሕ (ዝመስል) ዝፀንሐ ኣብ ሞንጎኣን (ጀነትን) ኣብ ሞንጎኡን እመት እንትቐርዮ እቲ ዝተፃሓፈ ነገር ይቕድሞ እሞ ናይ ገሃነም ብፆት ዝሰርሕዎ ይሰርሕ ይኣትዉ ከኣ። ካልእ ድማ ናይ ጀሃነም ሰባት

ዝሰርሕዎ ዝሰርሕ (ዝመስል) እናሰርሐ ይፀንሕ፡፡ ኣብ ሞንጎ ጀሃነምን ኣብ ሞንጎኡን እመት እንትቐርዮ እቲ ዝተፀሓፎ ይቕድም እሞ ናይ ጀነት ሰባት ዝሰርሕዎ ስራሕ ይሰርሕ፡፡ ከኣ ጀነት ይኣትዉ፡፡(ቡኻሪን ፡ ሙስሊምን)

ካብ ናይ ኣላህ ፍጡራት በቲ ዝተወሃቡዎ ፍልጠት ኣብ ክንዲ ንጎይታ ምንእኣስን ምግዛእን በዛ ናይዛ ዓለም ገይፅታት ተታሊሎም ዱንያኦም ኣኺራኦምን ዝኸስሩ ፍጡራን ኣለዉ፡፡ ካብዚኦም ሰይጣን ፣ ቃሩን ፣ ባዕላም ቢን ባዑራ ከም እዉን ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ብፃይ ዝነበረ ስዕለባን ካልኦትን ይርከብዎም፡፡

* ሽይጣን ማለት ከም እንፈልጦ መጀመርያ ኣብዳ ኣላህ ዓቢ ደረጃ ዝነበሮን ክቡርን ከም ዝነበረን 'ዩ፡፡ ነገር ግና እቲ ዝተወሃቦ ደረጃ ኣብ ዉሽጡ

ኲርዓት (ትዕቢት) ኣሕዲሩሉን ኣላህ እዉን ገባሪ ሓዳጊ ሙኻኑ ኣረሲዕዎ ኢዩ። ካብዚ ሓሊፉ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣላህ ካብ ኣዳም ከምዝበልፅ ኣፉ መሊኡ ክዛረብ ገይርዎን ኢሉ ኢሉ ድማ ናይ ጎይታ ትእዛዝ እንቢ ክብልን በቒሑ ኢዩ። በዚ ምኽንያት ከዓ ካብቲ ዝነበሮ ክብሪ ተዋሪዱን ተናዒቑን ክሳብ መዓልቲ ትንሳኤ ናይ ኣላህ መርገም ተሸኪሙ ከዕዉንዉን ተገበአ። ኣብ ዳሕረወይቲ ዓለም ከኣ ንሱን ሰዓብቱን ናብ ሓዊ ገሃነም ምዱጋኖም ኣይተርፎን።

* ቃሩን ከኣ ኣብ ግዜ ሙሳ ዝነበረ መጀመርያ ኣከባቢ ድኻን ሳሊሕ ሰብን ኢዩ። ካብዚ ሓሊፉ እዉን ነቲ ናይ ነቢ ሙሳ(ዓ.ሰ) እዉን ሒዘሙዎ ዝመፁ ተዉራት ካብ ዝተመሃሩ ናይ ኢስራኤላዉያን ካህናት ነበረ። ነቢ

ሙሳ(ዓ.ሰ) እዉን ዱዓ ገይሮሙሉ ኣላህ ሃፍቲ ከምፅአሉ ዝኽእል ናይ ኬሚስትሪ ፍልጠት ዓደሎ፡፡ ነገር ግና ዳሕራይ ፍልጠቱ ንዘይረብሕ ነገር ክጥቀመሉ ጀመረ፡፡ ናይ ቃሩን ሃፍቲ ኣዝዩ ብምብዝሑ ነቲ ናይ ካዝናታቱ (መጋዚኖታቱ) ቁልፊ (መፍትሕ) እኳ ዝሽከምዎ ብዙሓት ሓይሊ ዘለዎም ሰባት ኔይሩ፡፡ ቃሩን ካብ ከምዚ ዓይነት ሃፍትን መንኣለኒ በሃለይነት እንትበፅሕ ነቢ(ሙሳ) ካብ ገንዘቡ ዘካ ንኽዉፅእ እንትሓትዎ ብኽምዚ መለሰ፡፡

«ኣብ ገንዘበይ ከ መን ወናናይ ጌይሩካ?´ ብኻልእ ገፅ ከኣ ቃሩን ነቲ ነቢ ሙሳን ሓዎምን ዝተወሃቡዎ ነቢነት ኣዝዩ ይቐንኣሎም ስለዝነበረ ብናይ ሓሶት ቃል (መርትዖ) ንሙሳ ዘሚዎም ኢዮም ኢሉ

ከቅፅያም ብሙሙኳሩ ኣላህ ንዕኡን ሃፍቱን ብመሬት ኣዉሓጦ፡፡
* ካልእ ድማ ባዕላም ኢብን ባዕራ ዝተበሃለ ኣዝዩ ኣላህ ዝፈርሕን ናይ ኣላህ ፍሉያት ስማት ዝፈልጥን ናይ ኢስራኤላዉያን ዘርኢ ሓደ ሳሊሕ ሰብ ነበረ፡፡ ኣብ ህዝቢ እዉን ከም ቅዱሳትን ምሁር ሰብን ይርአ ኔሩ፡፡ ነገር ግና ባዕላም ስምዒቱ እንትስዕብ ነቲ ዝነበሮ መንፈሳዊ ደረጃ ክስእን ከኣለ፡፡ ናይዚ ታሪኽ ምንጭ ድማ ኣብ ቁርኣን ከም ዝስዕብ ንረኽቦ፡፡

وَاتْلُ عَلَيْهِمْ نَبَأَ الَّذِي آتَيْنَاهُ آيَاتِنَا

فَانسَلَخَ مِنْهَا فَأَتْبَعَهُ الشَّيْطَانُ فَكَانَ

مِنَ الْغَاوِينَ [١٧٥]وَلَوْ شِئْنَا لَرَفَعْنَاهُ بِهَا

وَلَٰكِنَّهُ أَخْلَدَ إِلَى الْأَرْضِ وَاتَّبَعَ هَوَاهُ

ۚ فَمَثَلُهُ كَمَثَلِ الْكَلْبِ إِن تَحْمِلْ

عَلَيْهِ يَلْهَثْ أَوْ تَتْرُكْهُ يَلْهَث ۚ ذَّٰلِك

مَثَلُ الْقَوْمِ الَّذِينَ كَذَّبُوا بِآيَاتِنَا ۚ

فَاقْصُصِ الْقَصَصَ لَعَلَّهُمْ يَتَفَكَّرُونَ

[١٧٦]

*ዛንታ እቲ ትእምርታትና ዝሃብናዮን ካብኣ ዝወፀአን ሰይጣን ዘስዕበን ካብ ዝበደሉ ዝኾነን ኣንብበሎም(175) እንተንደሊ ብእኣ ክብ (ልዕል) መበልናዮ ፣ ንሱ ግና ናብ ምድሪ ዘንበለ ንድሌቱ ሰዓበ ምስሉ እንተስጎግናዮ መልሓሱ*

*ኣዉፂሉ ዝልህልህ ወይ እንተገደፍካዮ ከምቲ መልሓሱ ኣዉፂሉ ዝልህልህ ከልቢ ኢዩ። እዚ ኢዩ ምስላ እቶም ኣያትና ዘሐሰዉ ህዝብታት ፣ ምእንታን ክስተንትኑ ታሪኽ ዘንትወሎም። (175-176 ኣዕራፍ)*

* ካልእ እዉን መጀመርያ ብናይ ኢማን ብርሃን ልቡ ደሚቑ በቲ ኣላህ ዝሃቦ ተኣኻኺሉ ዝነብር ዝነበረ ዳሕራይ ግና እምነቱ በዛ ናይ ዘለዓለም ሽልማትን ሃፍትን ተታሊሉ ነቲ ቅኑዕ መንገዲ ዝሰሓተ ስዕላባ ኢዩ። ብዙሕ ግዜሉ ኣብ መስጊድ ዉሽጢ ተቐሚጡ ነቲ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘረባ ብምድማፅ የሕልፎ ነበረ። ደሕራይ ግና ንገንዘብን ንብረትን ብዝሓደሮ ፍቕሪ ነቲ መንገዲ ስዒቡ ብምኻዱ ዋና ዓቢ ሃፍቲ ክኾን በፀሐ። ኣብ መወዳእታ ድማ ካብ ሙስሊሚን

ሕ/ሰብ ብምግንፃል ካብቲ ናይታ ቀፃሊት ዓለም መኣዲ ዓርሱ ንዓርሱ ዓገተ፡፡
ኣብ መወዳእታ እዉን ዘካት ዝስብስቡ ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) እንትልኣኹ እንቢ በለ፡፡ ብኽምዚ ዓይነት ድማ ዓርሱ ናብ ናይ ሙናፊቂን ምድብ ኣፀንበረ፡፡ መወዳእታኡ እዉን ኣበላሸወ፡፡ ድሕሪ ግዜ ተናሲሑ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዘካቱ ንኽቕበልዎ ብዙሕ ሙከራ ኣካይዱ ኔሩ፡፡ ነገር ግን ግዜ ስለ ዝሓለፎ ተቐባልነት ኣይረኸበን፡፡ ብኽምዚ ዓይነት ህይወት ድማ ነቲ ናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) መጀመርያ ዝመዓድዎ ማዕዳ «(ኣንታ ስዕለባ! ሃፍቲ ሃሊዩካ ካብ ዘይተኣኻኽልካን ንጎይታ ዘየመስገንካን እትነብር ድኻ ኮይንካ ብዘለትካ ተኣኻኺልካን ንጎይታ እናመስገንካን እንተትነብር ይሕሸካ)´ ኣብ ሓንጎሉ ከም

ገዋሕታ እናፅመሞ ካብዛ ዓለም ከደ፡፡ (ጠበሪን ኢብን ከሲርን ተመልከቱ)፡
* ኣብ ናይ ኢስላም ሽሪዓ ዓቢ ምሁር ዝነበረ ናይ ታቢዒን ታቢዒ ኢማሙ ሱፍያን ሰዉሪ (ረሒሙላህ) ሰዉነቶም ኣዝዩ ደኺሞምን ጎቢጦምን ነይሩ፡፡ ሰባት እዉን ሰበቡ ሓተትዎም ንሶም ከኣ ከምዚ መለሱ፡፡ ኣነ ሓደ ብዙሕ ኢስላማዊ ትምህርቲ ዘምሀረኒ መምህር ኔሩኒ፡፡ መምህረይ እንትመዉት ከሎ ኣነ ኣብ ጎኑ ኮይነ ናይ ካብዛ ዓለም ዝሰጋገረላ ቃሉ ምእንታ ፅብቐቲ (ሽሃዳ) ክትኮነሉ ንከብሎ ይደጋግመሉ ነበርኩ ነገር ግና ክብላ ኣይከኣለን፡፡ ድሕሪ ታ መዓልቲ ድማ ኣዚየ ጎሃኹን ተጨነቐኩን፡፡ ኣብ ዘይዕድመይ ከኣ ኣረግኩ፡፡
* ስለዚ ኩላትና ክንረጋጋእ እንኽእል ሞት መፂኡና መወዳእታና ድሕሪ

ምፅባቑ ኢዩ፡፡ ክንደይ ሰባት ኣለዉ መጀመርያ ህይወቶም ቕቡቕ ፀኒሖም መወዳእታኦም ዝተበላሸወ ዝኸዉን፡፡ ስለዚ ነፍስናን ሸይጣንን ንሓደሰብ መንፈሳዊ ደረጅኡ ክንዲ ዝጠንከረ እንተጠንከረ ናይ መወዳእታ ህይወቱ ከበላሸዉሉ ላዕልን ታሕትን ካብ ምባል ኣይቦኽሩን፡፡ ዕድል እንትረኽቡ ድማ ካብ ናይ ኣላህ መንገዲ ንምስሓት ይተሓጋገዙ፡፡ ሸይጣን ብኣደም ምኽንያት ካብ ናይ ኣላህ ርሕመት ብምብራሩ ኣብ ልዕሊ ኣዳም ሕነ ከም ዝፈዲ እናፈከረ ኢዩ ወሪዱ፡፡ ብኸምዚ

قَالَ فَبِمَا أَغْوَيْتَنِي لَأَقْعُدَنَّ لَهُمْ

صِرَاطَكَ الْمُسْتَقِيمَ [١٦]قَالَ فَبِمَا

**أَغْوَيْتَنِي لَأَقْعُدَنَّ لَهُمْ صِرَاطَكَ الْمُسْتَقِيمَ [٧:١٦]ثُمَّ لَآتِيَنَّهُم مِّن بَيْنِ أَيْدِيهِمْ وَمِنْ خَلْفِهِمْ وَعَنْ أَيْمَانِهِمْ وَعَن شَمَائِلِهِمْ ۖ وَلَا تَجِدُ أَكْثَرَهُمْ شَاكِرِينَ [١٧]**

*ስለዘጥመምካኒ ንዕኦም ካብ ቅኑዕ መንገዲኻ ክዓግቶም ኢየ በለ(16) ካብኡ ካብ ቕድሚኦም ካብ ድሕሪኦም ካብ የማኖምን ካብ ፀጋሞምን ብርግፅ ክመፆምን ካብ ፀጋሞምን ብርግፅ ክመፆም ኢየ። ንመብዛሕትኦም ኣመስገንቲ ኮይኖም ኣይትረክቦምን (በለ) (17) (ኣዕራፍ 16-17)*

ድሕሪዚ ሸይጣን ኣላህ ክሳብ ቂያማ መዓልቲ ንከፅንሖ ለመነ። ኣላህ እዉን ተቐበሎ። ድሕሪዚ እቶም ሓቀኛታት ኣመንቲ ዝኾኑ እንትተርፍ ካልኦቶም ካብ ናቱ መፃወድያ ከም ዘየምልጡ እናፈከረን እናመሓለን ወፀ።

قَالَ فَبِعِزَّتِكَ لَأُغْوِيَنَّهُمْ أَجْمَعِينَ

[٨٢]إِلَّا عِبَادَكَ مِنْهُمُ الْمُخْلَصِينَ [٨٣]

*(ንሱ ሸኣ) ብኽብርኻ ይኹነኒ ንብሙሉኦም ከስሕቶም ኢየ በለ(82) ካብኦም ብዘይካ ንፁሃት ባሮትካ (83) (ሳድ 82-83)*

ስለዚ ካብዚ ናይ ሸይጣን ምሕናይ ነቢ እንተኾይኑ ደኣምበር ሓደኳ ዘምልጥ የለን። ነዚ ድማ እዩም ሙስሊሚን ኣብቲ ኣላህ ዝኣዘዞም ብምፍፃም ፣ ካብቲ

ዝኸልከሎም ድማ ብምርሓቕን ቀጥ ክብሉ ዘለዎም፡፡ ካብ ሞትን ኣብቲ ግዜ ዘጋጥም ኣዝዩ መፍትሒ ክስተት ክንድሕን እንኽእለሉ ብሕታዊ መንገድ ንኣላህ ምፍራሕ ጥራሕ 'ዩ፡፡ ነቶም ሞት ናይ ኀይታ ኣብ ልዕሊኦም ዘሎ ዕዳ ሙኻኑ ፈሊጦም ዝዘጋጀዉ ሰባት ግን ዘፍርሕ ኣይኮነን፡፡ እኳ ደኣ ናብ ኀይታኦም ዝራኸቡሉ ግዜ ብምእኻሉ ይሕጎሱ፡፡

* ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብዛ ዓለም ናብታ ቀፃሊት ዓለም ዝተሰጋገሩሉ ግዜ ብምእኻሉ ይሕጎሱ ነይሮም፡፡ ብርግፅ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ህይወቶም ሙሉእ ብሙሉእ ንኣላህ ብምእዛዝን ብሙሉእ ልቦም ንዕኡ ብምግዛእን ኢዮም ኣሕሊፎም፡፡ ስለዚ ድማ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ዝሞቱሉ ግዜ ገፆም ኣዝዮም ፀቢቖም ኤሮም፡፡ ዓኢሻን ዓሊን(ረ.ዓ) ብዘመሓላለፍዎ ከምዚ

የዋግዑና። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ንኽሞቱ ሰለስተ መዓልቲ እንትተርፎም ኣላህ(ሱ.ወ) ንመልኣክ ጅብሪል እናለኣኸ ጥዕንኦም ከመይ ከም ዝኾኑ ንክሓትትን ይዝይሮምን ኔሩ። ኣብ መበል ሳልሳይ መዓልቲ ግና ሰይድ ጅብሪል ምስ ናይ ሞት መልኣይካ (ዑዝራኤል) መፀ። ጅብሪል ናብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣትዩ ከምዚ በሎም። ኣንቱም ልኡኽ ኣላህ ዑዝራኤል ኣብ ደገኣፍ እንሄ ንክኣትዉ እዉን ፍቃድ ይሓተኩሙሎ። በይዛኹም ፍቐዱሉ። ብጎይታይ ይኹነኒ ናይ ማንም ሰብ ፍቃድ ጠይቑ ኣይፈልጥን ድሕሬኹም እዉን ኣይጥይቅን ፣ በሎም። ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከኣ ፈቐዱሉ ፤ ኣተወ ከኣ።

ዑዝራኤል ከኣ ከምዚ በለ፡- ኣንታ ልኡኽ ኣላህ! ኣላህ ናባኻ ዝኣዘዝካኒ ንክቕበል ልኢኹኒ እንተደሊኻ ህይወትካ

ንክወስዳ ፣ እንተዘይ ደሊኻ ከኣ ሓዲገልካ ንክኸይድ በሎም፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከኣ ናይ ሓቅኻ ዲኻ ዝኣዘዝኩኻ ትፍፅም በልዎ፡፡ እወ! በሎም፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብዚ ኣብዛ ዓለም ዘሎ ነገር ኣብዳኣላህ ዘሎ ኢዩ ዝበለፀ ዘዉታሪን ስለዚ ኣንታ ዑዝራኤል ዝተኣዘዝካዮ ግበር ህይወተይ ከኣ ዉሰዳ በልዎ፡፡ ካብኡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ኣብ ጎኖም ካብ ዝነበረ ኣቅሓ እዮም ናብቲ ማይ ኣእትዮም ገፆም ተሓፀቡ፡፡ ካብኡ «ላኢላህ ኢልለላህ›› ድሕሪ ምባሎም ኣረ ሞት ኣዝዩ ዓፅር (ፃዕር) ኣለዎ! በሉ፡፡ ኣብ መወዳእታ እዮም ናብ ሰማይ እናሓበሩ ዓይኖም እናጠመቱ ከምዚ ዝስዕብ በሉ «በል ኢለ ረፊቂል ኣዕላ! በል ረፊቀል ኣዕላ! (ጎይታይ! ናብቶም ኣብ ላዕለዋይ ፀጋ ዝተጎናፀፉ ደኣ ግበረኒ (ደኣይሕሸኒ)´፡፡ ብኸምዚ ዓይነት ኩነታት

ድማ እቶም ናይ ደቂሰባት ምሩፅን ናይ ፍጡራን ብሉፅን ዝኾኑ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ካብዛ ዓለም ናብቲ ዘልኣለማዊ ዓዶም ከዱ፡፡

* ነዚ ናይ ሞት ኣደንጋፂ ባህሪ ንምፅዋርን ከኣ ዝፀበቐ ዕድል ንክነግኒ ነፍሲና ክንቆፃፀር ስምዒትና ክንኣስር ኣለና፡፡ ከምኡእዉን ህይወትና ብናይ ኣላህ ቁርኣንን ብናይ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሱናን ክነመላኽዕን ይግባእ፡፡ ከምዚ እንከለና ድማ ሞት ክሳብ ዝመፅና ክንፀንዕ ኣለና፡፡ ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

وَاعْبُدْ رَبَّكَ حَتَّىٰ يَأْتِيَكَ الْيَقِينُ [٩٩]

*እቲ ርግፀኛ (ሞት) ክሳብ ዝመፅኣካ ንጎይታኻ ተገዛእ (ኣል ሒጅር-99)*

እዚ ናይ ቁርኣን ዓንቀፅ ዓቢ ምኽሪ ዝሓዘን ንኹሉ ዝምልከትን ኢዩ፡፡ ዝኾነ ይኹን በሊሕ መስተዉዓሊ ሰብ በዛ

ሓላፊትን ጠፋኢትን ዝኾነት ክታለል የብሉን። ኣላህ ከምዚ ይብል፦

وَآثَرَ الْحَيَاةَ الدُّنْيَا [٣٨]فَإِنَّ الْجَحِيمَ هِيَ الْمَأْوَىٰ [٣٩]وَأَمَّا مَنْ خَافَ مَقَامَ رَبِّهِ وَنَهَى النَّفْسَ عَنِ الْهَوَىٰ [٤٠]فَإِنَّ الْجَنَّةَ هِيَ الْمَأْوَىٰ [٤١]

*ነዛ ቀረባ ህይወት ዝመረፀ (38) ብርግፅ ገሃነም መንበሪቱ ኢያ (39) ኣብ ቅድሚ ጎይትኡ እዉን ደዉ ምባል ፈሪሑ ንነብሱ ካብ ዝንባለኣ ዝኸልከለ (40) ብርግፅ ገነት መንበሪቱ ኢያ (41) (ኣል ነዚዓት 38-41)*

**إِنَّ الَّذِينَ لَا يَرْجُونَ لِقَاءَنَا وَرَضُوا بِالْحَيَاةِ الدُّنْيَا وَاطْمَأَنُّوا بِهَا وَالَّذِينَ هُمْ عَنْ آيَاتِنَا غَافِلُونَ [٧]أُولَٰئِكَ مَأْوَاهُمُ النَّارُ بِمَا كَانُوا يَكْسِبُونَ [٨]**

*እቶም ንምርኻብና ዘቐበፁ ንቀረባ ህይወት ዝፈትዉ ብኣኣ ከዓ ዝዓገቡ ንሳቶም (ካብ ኣያትና) ዝንጉዓት እዮም (7) ንሳቶም በቲ ይከስብዎ ዝነበሩ መንበሪኦም ሓዊ ኢዩ(8) (ዩኑስ 7-8)*

* ብሓቂ ንኣላህ ንምዝካር ድሌት ዘለዎ ሰብ መጀመርያ ልቡ ካብ ሽሪክን ርስሓት ነገራትን ከፅሪ ኣለዎ፡፡ ኣብዚ ግዜ ብሓቂ ናይ ምስራሕ ፀሓይ ኣብ ልቡ ትበርቀሉ፡፡ ብኣንፃሩ ድማ ንኣላህ ካብ ምዝካር

ዝረሓቀ ሰብ መንፈሱ ይደክም ፣ ሞራሉ ይግዕዝይ ፣ ኣእምርኡ ይሃስስ ፣ ከም እንስሳ ልክዕ ወይ ካብኣቶም ንታሕቲ ይወርድ።

وَلَا تَكُونُوا كَالَّذِينَ نَسُوا اللَّهَ فَأَنسَاهُمْ أَنفُسَهُمْ ۚ أُولَٰئِكَ هُمُ الْفَاسِقُونَ [١٩]

*ከምቶም ንኣላህ ዝረስዑ ነፍስታቶም ዘረስዖም (ሰባት) ኣይትኹኑ ንሳቶም እቶም ከይስታት ኢዮም(19) (ሓሽር- 19)*

ብርግፅ ንኣላህ ብምዝካር ዘይጠንከረ ልቢ ናይ ሸይጣን መዕንደሪ ከም ዝኾን ፍሉጥ ኢዩ። ኩሉሻዕ ንኣላህ ምዝካርን ንሞት ምፍራሕን ንልቢ ህያው ይገብር። ሸይጣን ከዓ እዚ ንከይኸውን ንኣላህ እንዝክረሉ ግዜ ንክንስእንን ይጓየይ። ስለዚ ሓንጎልና ብዝተፈላለዩ ነገራት ክፃበብ ይገብር።

ኣላህ እዉን ነዚ ናይ ሸይጣን ተንኮል ስለ ዝፈልጥ ካብ ተንኮላቱ ንክንሕሎ ብኸምዚ የዘክረና።

أَلَمْ أَعْهَدْ إِلَيْكُمْ يَا بَنِي آدَمَ أَن لَّا
تَعْبُدُوا الشَّيْطَانَ ۖ إِنَّهُ لَكُمْ عَدُوٌّ
مُّبِينٌ [٦٠]وَأَنِ اعْبُدُونِي ۚ هَٰذَا صِرَاطٌ
مُّسْتَقِيمٌ [٦١]وَلَقَدْ أَضَلَّ مِنكُمْ جِبِلًّا
كَثِيرًا ۖ أَفَلَمْ تَكُونُوا تَعْقِلُونَ [٦٢]

*ኦ ደቂ ኣደም! ንሸይጣን ኣይትገዝኡ ፣ ንሱ ግልፂ ፀላኢኹም ኢዩ ብምባል ካባኹም ኪዳን ኣይገበርኩን ድየ? (60) ተገዝኡኒ እዚ ቅኑዕ መንገዲ ኢዩ(61) ካባኹም ንብዙሕ ፍጡር ኣስሒቱ ኢዩ*

*ተስተዉዕሉ ኣይነበርኩምን ዲኹም (62) (ያሲን 60-62)*

እቲ ሓያል ጎይታና ኣብ ቁርኣን ዓንቀፃት ዘጠንቅቐና ስራሕና ፣ ድሌትናን ጠቕላላ ባህርያትና ክንቆፃፀርን ክነስተኻኽልን ደልዩ ኢዩ፡፡ እንተዘይጌርና ከኣ ህይወትና ብጓሂ ምዉሓጡ ኣይቀርያን፡፡ ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا اتَّقُوا اللَّهَ حَقَّ

تُقَاتِهِ وَلَا تَمُوتُنَّ إِلَّا وَأَنتُم مُّسْلِمُونَ

[١٠٢]

*ኦ ኣንቱም ዝኣመንኩም! ንኣላህ ዝግባኡ ጥንቃቐ ተጠንቀቑ፡ ከይኣስለምኩም ከኣ ኣይትሙቱ (102) (ዒምራን)*

እዚ ዓንቀፅ ዝሕብረና ኩላህና በቲ ቁርኣን ዘዘጋጀዎ መንገዲ ክንምራሕ ከምዘለና

እዩ፡፡ እዛ ዓለም ኣታላሊት ብሙኹና ወድሰብ ክንዲ ዝኾየ እንተኾየ ክሕዛ ከምዘይክእል ኢዩ፡፡ ነዚ ኹሉ ዝዝኮሮ ግና ኣብ መወዳእታ ኣብ ናይ ሞት ኢድ ቁፅፅር ምስ ወደቐ ኢዩ፡፡

كَأَنَّهُمْ يَوْمَ يَرَوْنَهَا لَمْ يَلْبَثُوا إِلَّا عَشِيَّةً أَوْ ضُحَاهَا [٤٦]

*ንሳቶም ኣብ ዝረእዎ መዓልቲ፡ ሓንቲ ምሸት ወይ መጋሕታ እምበር ዘይፀንሑ (ይመስሎም) (46) (ኣልናዚዓት 46)*

يَا أَيُّهَا النَّاسُ اتَّقُوا رَبَّكُمْ ۚ إِنَّ زَلْزَلَةَ السَّاعَةِ شَيْءٌ عَظِيمٌ [١]يَوْمَ تَرَوْنَهَا تَذْهَلُ كُلُّ مُرْضِعَةٍ عَمَّا أَرْضَعَتْ وَتَضَعُ كُلُّ

**ذَاتِ حَمْلٍ حَمْلَهَا وَتَرَى النَّاسَ سُكَارَىٰ وَمَا هُم بِسُكَارَىٰ وَلَٰكِنَّ عَذَابَ اللَّهِ شَدِيدٌ [٢]**

*ኦ ኣንቱም ሰባት! ጎይታኹም ፍርሑ ፧ ምንቅጥቃጥ ናይታ ሰዓት ኣዝዩ ዓቢ ነገር ኢዩ (1) ኣብ ዝርእይዎ መዓልቲ መጥበዊት ካብ ዘጥበወት ትፈዝዝ ፧ በዓልቲ ጥንሲ ጥንሳ ይኽዳ ሰባት ሰኣ ሰኺሮም ትሪኦም ፧ ንሳቶም ሰኺሮም ኣይኮኑን ግን መቕፃዕቲ ኣላህ ብርቱዕ ኢዩ (2) (ሓጅ1-2)*

# ምዕራፍ ሰለስተ
## ናይ መወዳእታ ትንፋስ ብግመ ዘይተሸፈነ መስትያት

ናይ ወድሰብ መወዳእታ ብግመ ከም ዘይተዓብለኸ ወይ ከምዘይተሸፈነ መስትያት ዕድለኛ ሙኳንን ቅርሱስነትን ኣዝዩ ገሊሁ ዘርእይ ኢዩ። ምኽንያቱ ናይ ሓደሰብ መወዳእትኡ ዝዉሰን ብናይ ዘሕለፎ ህይወት ኣነባብራ እዩ። ወድሰብ ዝዘረኦ ደኣንበር ካልእ ኣይዓፅድን። ኣብ ቁርኣን ከም እነስተዉዕሎ ፍርዓዉነ የቐላላ ህይወቱ ንኣላህ ኣብ ምዕማፅ ኢዩ ወዲእዎ። እዚ ሙኳኑ ድማ ዝተረድአ ኣብ መወዳእታ ህይወቱ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝሰምጠሉ (ዝወሓጠሉ) ቅፅበት

ኢዩ፡፡ ኣብዚ ግዜ እቲ ዘሕለፎ ናይ ሕማቕ ስራሕቲ ዘመናቱን ዝገበሮ ግፍዕታቱን ናይ ዓሂን ወርደትን ምንጪ ካብ ሙኻን ሓሊፎም ካልእ ኣየስዐቡሉን፡፡ ምኽንያቱ ኩሉ ነገር ካብ ኢድ ቁፅፅሩ ወፃኢ ስለዝነበረ፡፡ መቸም ሰብ ብሙኻኑ ክናሳሕ ኤይርዎ ፧ ከኣ ነስሕሉ ብኸምዚ ገለፀ፡-

وَجَاوَزْنَا بِبَنِي إِسْرَائِيلَ الْبَحْرَ فَأَتْبَعَهُمْ

فِرْعَوْنُ وَجُنُودُهُ بَغْيًا وَعَدْوًا ۖ حَتَّىٰ إِذَا

أَدْرَكَهُ الْغَرَقُ قَالَ آمَنتُ أَنَّهُ لَا إِلَٰهَ إِلَّا

الَّذِي آمَنَتْ بِهِ بَنُو إِسْرَائِيلَ وَأَنَا مِنَ

الْمُسْلِمِينَ [٩٠]

*ንደቂ እስራኤል ከኣ ባሕሪ ኣሳጊርናዮም ፤ ፈርዖንን ሰራዊቱን ንምጥቃዕን ንምብዳልን ሰዓብዎም ፤ ምጥሓል ምስ ኣርከቦ ፡- እንሄ በቲ ደቂ ኢስራኤል ዝኣመነትሉ ኣሚነ፡ ብዘይክሉ ኣምላኽ የለን ፤ ኣነ ከኣ ካብ እስላም ኢየ በለ። (90) (ዩኑስ-90)*

ነገር ግና እዚ ናይ ፈርዓዉነ ኣዘራርባ ዘይረብሕን ጥበብ ዝጎደሎን ነይሩ። «ከይረኣዩ ብሩሑቅ (ቐይብ) ዝኣምኑ ብፁኣት ኢዮም´ ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። ፈርዓዉነ ግና ብዙሕ ተማዒዱ ፣ ተለሚኑ ፣ ተወቂሱ እንምብለይ ዝበለ ሰብ እዩ ኔሩ። ኣብ መወዳእታ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ማይ ብኣፉን ኣፍንጭኡን እንትኣትዎ ኢዩ ብቑርጺ ከምዝተተሓዘ ዝፈለጠ። ስለዚ ድማ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተዛረቦ ቃል ናይ ተስፋ ምቕባፅ ዓይነት

ዝተንፈሶ። ኣላህ እዉን ድሕሪ ምትሓዙ ገለ ነገር ከም ዘይጠቅሞ ብኸምዚ መለሰሉ፦

آلْآنَ وَقَدْ عَصَيْتَ قَبْلُ وَكُنتَ مِنَ

الْمُفْسِدِينَ [٩١]فَالْيَوْمَ نُنَجِّيكَ بِبَدَنِكَ

لِتَكُونَ لِمَنْ خَلْفَكَ آيَةً ۚ وَإِنَّ كَثِيرًا مِّنَ

النَّاسِ عَنْ آيَاتِنَا لَغَافِلُونَ [٩٢]

*«ሕዚ ድዩ? ቅድሚ ሕዚ ሓንጊድካ ካብ ፀየቕቲ ኔርካ! (ተባህለ) (91) ሎሚ ኣብ ድሕሬኻ ንዘለዉ ምእንታን ትእምርቲ ክትከዉን ኣስከሬንካ ነድሕን (ተባሃለ) ካብ ሰባት መብዛሕቶኦም ካብ ተኣምራትና ዝንጉዓት ኢዮም (92) (ዩኑስ 91-92)*

ካብዚ ነስተውዕሎ ህይወትና ሙሉእ ብዘይጠቅምን ብሕማቅ ስራሕን ክንዕድር ፀኒሕና ፀሓይና ክትዓርብ እንትብል ኣነ ኣሚነ ኢየ ምባል ዘይጠቅም ሙኳኑ ኢዩ። ኣብ ናይዛ ዓለም ገይፅታትን ስምዒትን ባሕሪን ተዋሒጡ ፀኒሑ ኣብ መወዳእታ እቲ ናይታ ቀፃሊት ዓለም ህይወት ኣብ ዝግለፀሉ ግዜ ከመይከ ንይኸዉን? ነዚ ሓቂ እዚ ኣላህ ከምዝስዕብ ይገልፆ፡-

كُلُّ نَفْسٍ ذَائِقَةُ الْمَوْتِ ۗ وَنَبْلُوكُم بِالشَّرِّ وَالْخَيْرِ فِتْنَةً ۖ وَإِلَيْنَا تُرْجَعُونَ

[٣٥]

*ኩሉ ነፍሲ ጠዓሚት ሞት ኢያ ፤ ንምፍታን ብክፉእን ብሰናይን ምፍታን*

*ንፍትነኩም ናባና ኸኣ ትምለሱ(35) (ኣንቢያእ 35)*

**الَّذِي خَلَقَ الْمَوْتَ وَالْحَيَاةَ لِيَبْلُوَكُمْ أَيُّكُمْ أَحْسَنُ عَمَلًا ۚ وَهُوَ الْعَزِيزُ الْغَفُورُ [٢]**

*እቲ መንኩም ተግቢሩ ዝሓሸ ሙኻኑ ክፍትነኩም ሞትን ህይወትን ዝፈጠረ ኢዩ ንሱ ክቡርን መሓርን ኢዩ (2) (ሙልክ 2)*

ኢማሙል ቐዛሊ ከምዚ ይብሉና፡፡ ኣብዛ ዓለም ፍልጠት (ዒልም) ብምርካብ ሓጎስ ዘየግነየ ሰብ ናይታ ቀፃሊት ዓለም ራህዋ ክስተንተን ኣይኽእልን፡፡ ሓደሰብ እንድሕር ኣብዛ ዓለም ዘሪኡ ፀኒሑ ኢዩ ኣብ ቀፃላይ ዓለም በሲሉ ዝፀንሖ፡፡ ኩሉ

ከም ኣነባብርኡ ይመዉት ከም ኣማዉትኡ ከኣ ይትንስእ፡፡ ኣብቲ ቀፃሊ ዓለም እነግንዮ ራህዋ ኣብዛ ዓለም ንኣላህ ፈሪሕና ብዝሰራሕናዮ ልክዕ ኢዩ፡፡ ስለዚ ፈቲና ፀላኢና ኣብ ሕድሕድ ትንፋስና ንባዕልና ወይ ንስቓይ ወይ ከዓ ዘልኣለማዊ ራህዋ ንዝኾነ ህይወት ንዳለዉ ከም ዘለና ኢዩ፡፡ ኣላህ ከምዚ እናበለ ይወኽሰና፡-

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا قُوا أَنفُسَكُمْ
وَأَهْلِيكُمْ نَارًا وَقُودُهَا النَّاسُ وَالْحِجَارَةُ
عَلَيْهَا مَلَائِكَةٌ غِلَاظٌ شِدَادٌ لَّا يَعْصُونَ
اللَّهَ مَا أَمَرَهُمْ وَيَفْعَلُونَ مَا يُؤْمَرُونَ [٦]

*ኦ ኣንቱም ዝኣመንኩም! ነብስታትኩምን ስድራቤታትኩምን መቀፃፀሊኣ ሰባትን ኣእማንን ካብ ዝኾነት ሓዊ ሓልዉ ፤ ኣብኣ ተረርቲ ሓያላት መላእኽቲ ኣለዉ ፤ ንኣላህ ዝኣዘዞም ኣይኣብዩን ፣ ዝተኣዘዝዎ ከኣ ይገብሩ(6-ተሕሪም)*

فَمَن شَاءَ ذَكَرَهُ [١٢]فِي صُحُفٍ

مُّكَرَّمَةٍ [١٣]مَّرْفُوعَةٍ مُّطَهَّرَةٍ [١٤]

*ገሃነም እዉን ምስተጉሃረት (12) ገነት ከኣ ምስተቀረበት (13) ኩላ ነፍሲ (ካብ ተግባር) ዘቅረበቶ ፈለጠት (14) (ተክዊር 12-14)*

فَأَيْنَ تَذْهَبُونَ [٢٦]

*እም ናበይ ደኣ ትኸዱ? (26-ተክዋር)*

ምኽሳብን ምኽሳርን ኣብዛ ቀረባ ዓለም ጥራይ ኢዩ። ኣብ ቀፃሊ ዓለም ግና ሒሳብ (ምርመራ) ጥራይ ኢዩ። ሓደሰብ እንድሕር ናይ መወዳእታኡ ክፅብቐ ደልዩ ካብ ዘይረብሕ ነገር ብምርሓቅን ፣ ሰናይ ስራሕ ብምስራሕን ህይወቱ ንኽተብረቐርቕ ክፅዕር ኣለዎ። እዚ ድማ ብተቅዋ ንክዕንብብ ይሕግዞ።

ነፍስና ኣዚያ ምእንታን ክትፀሪን ክትመዓራረን ንኣላህን ነቢ(ሰ.ዐ.ወ)ን ዝግብኦም ክንፈትዎምን ፍቶትና ድማ ብፅቡቐ ባህሪ ክንገልፆን ናይ ግድን ኢዩ። ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

قُلْ إِن كَانَ آبَاؤُكُمْ وَأَبْنَاؤُكُمْ وَإِخْوَانُكُمْ

وَأَزْوَاجُكُمْ وَعَشِيرَتُكُمْ وَأَمْوَالٌ اقْتَرَفْتُمُوهَا

**وَتِجَارَةٌ تَخْشَوْنَ كَسَادَهَا وَمَسَاكِنُ تَرْضَوْنَهَا**
**أَحَبَّ إِلَيْكُم مِّنَ اللَّهِ وَرَسُولِهِ وَجِهَادٍ فِي**
**سَبِيلِهِ فَتَرَبَّصُوا حَتَّىٰ يَأْتِيَ اللَّهُ بِأَمْرِهِ ۗ**
**وَاللَّهُ لَا يَهْدِي الْقَوْمَ الْفَاسِقِينَ [٢٤]**

*ኣቦታትኩምን ደቅኹምን ኣሕዋትኩምን ኣንስትኹምን ኣዝማድኩምን ዝኣከብኩሞም ሃብትታትን ምኽሳራ ትፈርሕዋ ንግድን ትፈትውዎም መንበሪኹምን ኣባኹምን ካብ ኣላህን ልኡኽን ብመንገዲ ኣብ ምቅላስ ዝበለፀ ዝፍተወኩም እንተኾይኑ ኣላህ ትእዛዙ ክሳብ ዘምፅእ ተፀበዩ በሎም ፧ ኣላህ ከይሲታት ህዝብታት ኣይመርሕን (24-ተውባህ)*

* ንነፍሲ ንምንፃሕ ናብ ኣላህ ንምቕራብን ንዕኡ ንምሕጓስን እንተተደልዩ ካብ ኩሉ ዓይነት ሰናይ ስራሕ ከም ነቲ ዝሓገጎ ሕግታት ምሕላዉ ዘበለ የለን፡፡

ዓብዱላህ ኢብኑ ዓባስ(ረ.ዓ) ከም ዝስዕብ ይብሉና፡፡ ሓደ መዓልቲ ብድሕሪ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ይኸይድ ኔረ፡፡ ከምዚ ድማ በሉኒ፤-

ኣንታ ቆልዓ፡- ኣነ ቁሩብ ቃላት ከምህረካ፡፡ ናይ ኣላህ ትእዛዝ ሓልዉ፡፡ ምእንታን ንሱ እዉን ክሕልወካ፡፡ ንኣላህ ተጠንቀቆ ንቅድሚትካ ክተግንዮ ኢኻ፡፡ እንትትሓትት ንኣላህ ሕተት፡ ረድኤት እንተደሊኻ እዉን ብኣላህ ተረዳእ፡፡ ሰባት ኩሎም ተኣኪቦም ክጠቅሙኻ እንተደለዩ ኣላህ ቀደም ዝወሰኖ እንተኾይኑ ደኣምበር ኣይጠቕሙኻን፡፡ ክጎድኡኻ

እዉን እንተዝሓስቡ ኣላህ ዝወስነልካ እንተኾይኑ ደኣምበር ኣይጎድኡኻን፡፡ እቲ ቀለም ተለዒሉዩ ፤ እቲ ፅሑፍ ደሪቑ ኢዩ፡፡ (ቲርሚዝ)

لَّيْسَ الْبِرَّ أَن تُوَلُّوا وُجُوهَكُمْ قِبَلَ الْمَشْرِقِ وَالْمَغْرِبِ وَلَٰكِنَّ الْبِرَّ مَنْ آمَنَ بِاللَّهِ وَالْيَوْمِ الْآخِرِ وَالْمَلَائِكَةِ وَالْكِتَابِ وَالنَّبِيِّينَ وَآتَى الْمَالَ عَلَىٰ حُبِّهِ ذَوِي الْقُرْبَىٰ وَالْيَتَامَىٰ وَالْمَسَاكِينَ وَابْنَ السَّبِيلِ وَالسَّائِلِينَ وَفِي الرِّقَابِ وَأَقَامَ الصَّلَاةَ وَآتَى الزَّكَاةَ وَالْمُوفُونَ بِعَهْدِهِمْ إِذَا

عَاهَدُوا ۖ وَالصَّابِرِينَ فِي الْبَأْسَاءِ
وَالضَّرَّاءِ وَحِينَ الْبَأْسِ ۗ أُولَٰئِكَ الَّذِينَ
صَدَقُوا ۖ وَأُولَٰئِكَ هُمُ الْمُتَّقُونَ [١٧٧]

* ሰናይ ተግባር ንገፅኩም ናብ ምብራቕን ምዕራብን ማእዘን ምጥዋይ ኣይኮነን፤ ግን ሰና ተግባር ብኣላህን መወዳእታ መዓልቲን ብመላእኽቲን ፣ መፃሕፍትን ፣ ብነብያትን ዝኣመነ ፣ ንገንዘብ ምስ ምፍታዉ ፣ ንኣዝማድን ፣ ንዘኽታማትን ፣ ንድኻታትን ፣ ንገያሾን ፣ ንለመንቲን ፣ ንገላታ (ሓራ ወፃእ) ዝሃቦ (ሰብን) ፣ ስግደት ብስርዓቱ ዘቆመን ምፅዋት እዉን ዝሃበን ፣ ኪዳን እንተኣተዉ ኣብ ኪዳኖም ዝመልኡን (ሰባት) ኢዩ፤ ኣብ ሽግር ፣ ኣብ ሕማምን ፣ ኣብ ዉግእን ዕጉሳት

*(ዝኾኑ) እዚኦም እቶም ሓቂ ዝሓዙ ኢዮም፡ ንሳቶም እዮም እቶም ጥንቁቓት፡፡(177- ኣልበቀራህ)*

* ናብቲ ናይ ሰማያትን ምድርን ኣብ ሞንጎኦም ናይ ዘለዉ ፍጡራን ጎይታ ዝኾነ ኣላህ (ሱ.ወ) ብዝበለፀ ንምቕራብ ሰናይ ስራሕቲ ምብዛሕ ግድን ኢዩ፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ሰናይ ስራሕ ዝበሃል ብዙሕ ቅርጫፍ ከም ዘለዎን ነንሕድሕድ ድማ ከም ሰደቃ(ምፅዋት) ከም ዝሕሰብ(ዝኾነን) ኣብ ዝቕፅል ሓዲሶም ይነግሩና፡፡ ኣቡሁረይራ(ረ.ዓ) ካብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ዝስምዕዎ ከምዚ ይብሉና፡፡

ኣብ ሕድሕድ ናይ ወድሰብ ናይ ኣካላቱ መጋጣጣሚ በብመዓልቱ (ናይ ተግባር) ሰደቃ ኣለዎ፡፡ ኣብ ሞንጎ ክልተ ሰባት ማዕርነት ምስፋን ሰደቃ እዩ፡፡ ሓደሰብ ናብ መጓዓዝያኡ ንክድይብ ምርዳእን ወይ

ኣቃሓሉ ምቕባልን ሰደቃ ኢዩ። ፅቡቕ ዘረባ ሰደቓ እዩ። ናብ ሶላት እንትትኸይድ ዝግበር ስጉምቲ ሕድሕድ ሰደቃ ኢዩ። ካብ መንገዲ ዕንቅፋት ምርሓቅ ሰደቓ እዩ።

* እዞም ዝዘርዘርናዮም ሰናይ ስራሕቲ ከም ዘለዉ ኮይኖም ከለዉ ነገር ግና ናይ ኣላህ ፍቶት ንምርካብ ግና ግዴታታት ምትግባር ዝኣመሰለ ነገር የለን። ካብዞም ኣብ ልዕሌና ግዴታ ዝተገበሩ ናይ ዒባዳ ዓይነታት ቀዳማይ ሶላት እዩ። ኣብ ሞንጎ እምነትን ክሕደትን ዘሎ ምስ ጎይታ እተራኽብ ብሕታዊ መስመር ኢዩ። ስለዚ ብስነስርዓት ኣፀቢቕናን ተመሲጥናን (ብኹሽዕ) ክንሰግድ ይግብአና። እቲ ሓያልን ክቡርን ዝኾነ ንባሮቱ ድማ ርህሩህን ለዋህን ዝኾነ ጎይታ ሶላት ብስነስርዓት ኣፀቢቖካ ምስጋድ ኣብ ቀፃሊ

ዓለም ንዓወት ዘጎናፅፉ ሙኚኑ ብቑርኣን ይነግረና፡፡

قَدْ أَفْلَحَ الْمُؤْمِنُونَ [١]الَّذِينَ هُمْ فِي

صَلَاتِهِمْ خَاشِعُونَ [٢]

*ምእመናን ብርግፅ ተዓዊቶም (1) እቶም ንሳቶም ኣብ ስግደቶም (ንኣላህ) ሓነኽቲ (ተመስጥቲ) (2) (ሙእሚኑን 1-2)*

فَوَيْلٌ لِّلْمُصَلِّينَ [٤]الَّذِينَ هُمْ عَن

صَلَاتِهِمْ سَاهُونَ [٥]

*(ወይለኦም ንሰገድቲ (4) እቶም ኣብ ስግደቶም ኣስገልቲ (ተዘናጋዕቲ) (5) (ማዑን 4-5)*

* ሓደ ሰብኣይ ናብ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) መፂኡ ኣንቱም ልኡኽ ኣላህ! እስቲ ሕፀር

ዝበለት ቶሎ ድማ ዝሽምድዳ (ንምዝካር ቀላል) ዝኾነት ምኽሪ ምዓዱኒ በሎም፡፡ ነቢ(ሰ.ዐ.ወ) ከኣ «ሶላት እንትትሰግድ እታ ሶላት ናይ መወዳእታ ካብ ዛዓለም ትሰናባተላ ሶላት ክትኸዉን ከምትኽእል ሕሰብ፡፡ ድሕሪ ምዝራብካ ይቅርታ ክትሓትት ዝገብረካ ዘረባ ኣይትዛረብ ፣ ከምኡዉን ምስ ካልኦት ሰባት ዘሎ ሃፍቲ (ጥሪት) ኣይዕጀብካ (ሽለል በሎ)፡፡(ኢብን ማጃህ ኣሕመድ)

ድሕሪ ሶላት ከኣ ከም ፆም ፣ ሓጂ ዘካት ዝኣመሰሉ ተግባራት ብንፁህ ልቢን ብቆራፅነት (ፅሩይ ኒያ) እንድህር ተተግቢሮም ናብ ኣላህ ኣዚዮም ካብ ዘቃርቡ ነገራት ዝበለፁ ኢዮም፡፡´

* ንኣላህ ብርሑቕ(ቐይብ) ካብ ዝፈርሑዎን ነቲ ናይ ሰናይ ስራሕቶም

መፅሓፍ ብየማኖም ዝቖበሉ ሰባት ይግበረና።
ኣሚን!

ተወዲኡ